# ፍኖተ ብርሃን

ንምእመናን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ብሓልዮት ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ ብትግርኛን እንግሊዘኛን እትሕተም ዕላዊት ጋዜጣ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ።

ቁጽሪ 485 | ጥሪ 2010 ዓ.ም (2002 ግእዝ ) | መበል 58 ዓመት


# ርእሰ ዓንቀጽ

## ትንሣኤ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ኣብ ኅቡራት መንግሥታት ኣሜሪካ

ብዲያቆን ተኽለማርያም ምርካጽዮን




ኵሉ ክርድኦ ከምዝኽእል ብርሃን እንተ ዘይህሉ፡ እቲ እነብር ኣሎኹ ምባል መቐረት ኮነ፡ ጣዕሚ ክህልዎ ኣይምኽኣለን። እቲ ንፍጡራቱ ፍቕርን ሓልዮትን ዘለዎ ኣምላኽ ግና፡ ብኪነ-ጥበቡ ፀሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ብምፍጣር፡ ንጸልማት ከምዝቕንጠጥ ገይርዎ። እቲ ናይ ክብሪ ኣምላኽ መግለጺ ዝኾነ ብርሃን ድማ፡ ብብርሃኑን ዋዒኡን ከብርሃልናን ከሙቐናን ይርከብ ኣሎ። ከም ምሕረት ኣምላኽ ኮይኑ'ውን ስለዝግለጽ፡ ቤተ ክርስቲያንና ''ብርሃነከ ፈኑ ዲቤነ!! ማለት ብርሃንካ ለኣኽልና! ብርሃንካ ዓድለና! እናበለት ወትሩ ብጸሎት ትልምን እያ።

ነቢይ ኢሳይያስ'ውን ኣብ ትንቢቱ ''ሕዝብ ዘይነብር ውስተ ጽልመት ወጽላሎተ ሞት፡ ብርሃን ዓቢይ ሠረቀ ላዕሌሆሙ ''ዝበሎ ቃል ኣሎ። ትርጉሙ ከኣ .....እቲ ኣብ ጸልማት ዝነብር ሕዝቢ፡ ዓቢይ ብርሃን በርሃሉ...... ማለት እዩ። ኣብዚ እቲ ብርሃን ከም ምሕረት ኣምላኽ ኮይኑ'ዩ ተገሊጹ ዘሎ። ስለዚ እቲ ኣብ ትሕቲ ባርነት ኃጢኣት ዝነብር ዝነበረ ሕዝቢ፡ ካብ ኣምላኽ ምሕረት ረኺበ ንምባል'ዩ ብርሃን ረኺበ ክብል ዝኽኣለ። (ኢሳ 9፡2)

ንሕና'ውን ከም ኣመንቲ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን መጠን፡ እቲ ብዘይ ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃን ዝጸናሕናዮ ጸሊም ዓመታት፡ ኣብ ጸልማት ክንመላለስ ኣይጸናሕናን ክንብል ኣይንኽእልን። ሕጂ ኣብ ብርሃን ስለ ዝበጻሕና ግን ንልዑል እግዚኣብሔር ተመስገን ዘይንብለሉ ምኽንያት የብልናን። እዚ ሕጂ ዝተበጽሐ መድረኽ ብኣጋጣሚ ዝኾነ ዘይኮነስ፡ ናብቲ ብዙሓት ደቂ ቤተ-ክርስቲያንና ክገብርዎ ዝጸንሑ ጸሎት መልሲ እዩ። እቲ ልሳን ቤተ-ክርስቲያን ኮይኑ ርጡብ ሓበሬታ ዝህብ ዝነበረ ጋዜጣ፡ ድምፁ ከምዝጠፍአ ምግባሩ ንደምበ ተዋህዶና እቲ መውቃዕቲ ቀሊል ኣይነበረን። ከመይሲ እዚ ጋዜጣ'ዚ ንኽብርን ዕቤትን ቤተ-ክርስቲያን ኢሉ፡ ትብዓት ዝሓትት ጽሑፋት ከቕርብ ከምዝጸንሐ፡ ደርጋ ዘይፈልጥ የልቦን ክበሃል ይከኣል።

ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንና ከም ርእሳ ዝኽኣለት ነፃ ቤተ ክርስቲያን መጠን ክትገብሮ ኣብ ዝጸንሐት ጉዕዞ፡ እዚ ጋዜጣ'ዚ ኃቢርዋ ዓቐበት ክወጽእን ቍልቁለት ክወርድን ጸኒሑ እዩ። እቲ ጉዕዞ ክሳብ ክንደይ ጽንኩር ከምዝነበረ'ውን ንብዙሓት ደቂ ቤተ ክርስቲያን ዝተሓብአ ምሥጢር ኣይነበረን። እቲ ኹሉ በቲ ጋዜጣ ክግበር ዝጸንሐ ቃልሲ'ኳ እንተነበረ፡ ነገር ግምጥልሽ ኮይኑ ግን ብገለ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ብዓይኒ ጽልኢ ዘጠምቶ ኮይኑ'ዩ ተረኺቡ። እንተ ኾነ እቲ ንማኅበረ-

ትንሣኤ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን *ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል*

## ናይ ሕልና መልእኽቲ ካብ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ኩሎም ክርስቶሳውያን ምእመናን



ኣቱም ኣሕዋተይ እቲ ወሪዱኒ ዘሎ ነገር ንምስፋሕ ወንጌል ከም ዝኾነ ክትፈልጡ እደሊ ኣሎኹ። ስለዚውን ምእንቲ ክርስቶስ ተኣሲረ ከም ዘሎኹ በቶም ቤት መንግስቲ ዝሕልዉ ወተሃደራትን በቶም ኩሎም ዝተረፉን ተፈሊጡ ኣሎ።
ዝበዝሑ ካብቶም ኣሕዋት ድማ ኣነ ስለ ዝተኣሰርኩ ኣብ ጎይታ ጸንዑ። ብዘይ ፍርሃት ቃል ኣምላኽ ንምንጋርውን ኣዝዮም ትብዓት ረኺቡ። ገሊኦም ብቕንእን ባእስን ገሊኦም ግና ብጽቡቕ ፍቓድ ንክርስቶስ ይሰብክዎ ኣለዉ። እዞም ዳሕሮት ንወንጌል ስለ ዝተማጎትኩላ ከም ዝተኣሰርኩ ፈሊጦም ብፍቕሪ ይሰብኩ ኣለዉ።

እቶም ቀዳሞት ግና ኣብ ርእሲ ማእሰርተይ ጸበባ ኬምጽኡለይ ደልዮም ብቕንዕና ዘይኮነስ ብሻራ ንክርስቶስ ይሰብክዎ ኣለዉ። እሞኸ ደኣ እንተ ብተንኮል እንተ ብቅንዕና ብዝኾነ መገዲ ክርስቶስ ይሰበኽ ኣሎ ።በዚ እሕጎስ ኣሎኹ ። ገናውን ክሕጎስ እየ። ከመይ እዚ ኩሉ ብጸሎትኩምን ብረድኤት መንፈስ ኢየሱስ ክርስቶስን ንድሕነተይ ከም ዝድግፈኒ እፈልጥ እየ። ተግባረይ ንምፍጻም ከይሓፍር ከኣ በዓል ምሉእ ሃረርታን ተስፋን እየ። ከምቲ ኩሉ ሳዕ ሕጂውን እንተ ኾነ እንተ ብሕይወት እንተ ብሞት ንክርስቶስ ብትብዓት ከኽብሮ እየ። ከመይ ንዓይ ሕይወት ማለት ክርስቶስ እዩ። ሙማት ከኣ ረብሓይ እዩ (ፊልጵስዩስ 1፡12-21)።

ብደቂቀ እንጦንዮስ ተመሃሮ ቅዱስ ኣትናቴዎስ መንፈሳዊ ኮለጅ

ብሩኽ በዓል ልደት ይግበረልና!



> “ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ተሻይጡ ምእንቲ ኬውጽኦም: ንሕናውን ውሉድነት ምእንቲ ክንረክብሲ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኸ”

## ልደት-ክርስቶስ

ብዲ. ዑቕበ ዘመደ

**ልደት ድሕነት ዝተኣወጀሉ ዕለት'ዩ:-** "እንሆ ሎሚ መድሓኒ ተወሊድልኩም ኣሎ... "(ሉቃ 2:10-11)

**ልደት መዓልቲ ሓጎስ'ዩ:-** "ንኹሉ ሕዝቢ ዚኸውን ዓቢዩ ሓጎስ አበስረኩም ኣለኹ... "(ሉቃ 2:10-11 )

**ልደት መዓልቲ ምስጋና'ዩ:-** “ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ሰማያት...እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ” (ሉቃ. 2፡14)

**ልደት መዓልቲ ሓድነትን ሕብረትን'ዩ:-** መላእኽትን ደቂ-ሰባትን ሓቢሮም ዝዘመርሉ ዕለት እዩ።... (ሉቃ 2:12-13)

**ልደት መዓልቲ ሰላም'ዩ:-** "ሰላም ድማ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ሰምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት” (ሉቃ. 2፡14)

**ልደት ትንቢት ዝተጋህደሉ ዕለት እዩ** (ኢሳ 7:14) “ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ተሻይጡ ምእንቲ ኬውጽኦም: ንሕናውን ውሉድነት ምእንቲ ክንረክብሲ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኸ” (ገላ 4:4-5; ሉቃ 2:12-13)

**ልደት ፍሉይ ዕለት'ዩ:-** ንእምነት ክርስትና ካብ ዝኾነ ካልእ ሃይማኖት ዝፈልዮ ሓደ ልደት (ኣወላልዳ) ክርስቶስ እዩ። ኣብ ዝኾነ እምነት ብድንግልና ብዘይ ጾታዊ ርክብ ዝተወልደ ዝኾነ መራሒ ሃይማኖት ይኹን ሰብ የለን። ክርስቶስ ግና ብድንግልና ብዘይ ኣቦ ተወሊዱ። (እቲ ካልኣይ ንእምነት ክርስትና ካብ ዝኾነ ካልእ ሃይማኖት ዝፈልዮ ትንሳኤ እዩ። ንሞት ሰዒሩ ዝተንሰአ ብዘይካ ክርስቶስ ካልእ የለን)።

**ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተወልደ**

ንሕና ውሉድ ኣምላኽ ኽንኮውን (ገላ 4:4-5)

ተማቐልቲ ክብሩ ምእንቲ ክንኮውን (እብ 6.4)

ዝነበረና ክብሪ ምእንቲ ክመልስን ክንባረኽን (ቆለ 3.9; ግ.ሃዋ 1.8)

ኣምላኽ ምሳናን ቀረባን ምኺኑ ከነስተውዕል (1ይ ዮሃ 1.1)

ሰላም ኣብ ምድሪ ምእንቲ ክሰፍን (ሉቃ 2:13-14) እዩ።

**ኣብቲ ነዊሕ ናይ ኦርቶዶክሳዊነትና ታሪኽ፡ ኣቶ ዝመዓርጉ ጭዋ፡ ሃይማኖት ክመርሕ ተሰሚዑ'ውን ኣይፈልጥን።**

**ዋና ኣዳላዊ**
**ዲያቆን ተኽለማርያም ምርካጽዮን**


ርእሰ-ዓንቀጽ ገጽ 1 | ዜና ቤተክርስቲያን ገጽ 2 | መንፈሳውነት ገጽ 5 | ማሕበራዊ ናብራ ገጽ 6 | English ገጽ 7

**ትንሣኤ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን** *ካብ 1.ይ ገጽ ዝቐጸለ*

ምእመናን ከመሓላልፎ ዝጸንሐ ጽዑይ ሓበሬታ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካልእ ዝውቀሰሉ ኣበሳ ነይሩዎ ክበሃል ኣይከኣልን።

ግዳስ ከምቲ ''ህርፋን ጸባ ዘለዎ ጓጉድ ማይ ወድአ'' ዝበሃል እዚ ጋዜጣ'ዚ ክብርን ተሰማዕነትን ዘለዋ ቤተ ክርስቲያን ንኽትህልወና፡ ንጹር መልእኽቲ ከተሓላልፍ ዝኽእል ኣንቀጻት የቕርብ ከምዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። ስለዝኾነ'ውን እቲ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ መሪሕነት ዝነበረ ድኽመት፡ ከምዘይረኣየ ኮይኑ ክሓልፎ ይመርጽ ኣይነበረን። ኣብቲ መንበረ-ፓትርያርክ ኮነ ሲኖዶስ ናይ ተሓታትነትን ግሉጽነትን ባህሊ ክልመድ'ውን እቲ ክበሃል ዝግብኦ ኵሉ ካብ ምባል ኣይተቐጠበን። ኣብቲ ሥርዓትን ሕግን ረጊጽካ ምኻድ ዝረኣየሉ ዝነበረ እዋናት'ውን ዓገብ! ክብል ምጽንሑ ኣይከሓድን። እቲ ብዘይ ዝኾነ መዓቀኒ ወይ ክራይተርያ ኣብ ሥልጣን ዝተቐመጠ ግጅለ ግና ''ዓሻ ምስ መዓዲኡ ይበኣስ'' ከምዝበሃል፡ ንዝቐርበሉ ሓሳብ ኮነ ምኽሪ ክቕበል ፍቓደኛ ኣይነበረን። እኳ ደኣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ጋዜጣ መሪር ጽልኢ ክሳድሩ ምኽንያት'ዩ ኮይኑዎም።

ብዝተረረፈ ጉዕዞ ምምሕዳርና ኣይጸበቐን፡ ከምኡ'ውን ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ይተግበር፡ ንማኅበረ-ምእመናን ዘሳትፍ ኣሰራርሓ ይተኣታቶ ኢልካ ምጽሓፍ፡ ተደፊርና ዘብል ምኽንያት ኣይነበረን። ንሳቶም እቶም ሰብ ጊዜ ግና፡ ዘረባ ክሰምዑን ምኽሪ ክቕበሉን ፍቓደኛታት ኮይኖም ኣይተረኽቡን። ነቲ ጉዳይ ጌጋ ትርጉም ብምሃብ ድማ፡ ነቲ ጋዜጣ ከውቅዕዎ ብዘለዎም ኃይሊ ከም ዝተጓየዩ ይፍለጥ።

ናብቲ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ብምባል ዝፈለጥ መንግሥታዊ ትካል ገለ ጊዜ ዘቕረቡዎ ክሲ'ውን ኣሎ። ምስኡ ዝኸይድ ብዙሕ ምፍርራሕን መግናሕትን እውን ነይሩ እዩ። መወዳእታ ከኣ እቲ ቃልሲ ብዓወቶም ስለ ዝተዛዘመ፡ እቲ ጋዜጣ ድምጹ ክስማዕ ኣብ ዘይክእለሉ ጉድኣድ ከምዝኣቱ ገይሮሞ። ስለዚውን መበል 50 ዓመቱ ከብዕል እናተቐራረበ ከሎ ካብ ወርሒ መስከረም 2001 (መስከረም 1994 ግእዝ) ንደሓር ካብ ኅትመት ከቋርጽ ግድነት ኮይኑ። በዚ ድማ ኣብ ግብ ዝበለ ጸልማት ኣቲና ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል። ነዚ ጸልማት'ዚ ከም ጉልባብ ተጠቒሙ ከኣ'ዩ ዮፍታሔ ዲሜጥሮስ፡ ሠራዕን መላኽን ኮይኑ ኣብቲ ዝለዓለ መንበር ክቕመጥ ዝኸኣለ። ፓትርያርክ ሰዒሩ ባዕሉ ፓትርያርክ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኣማኒ ሕዝቢ ዋላ ሓንቲ ኣፍልጠ ኣይነበሮን። ከም መጋበርያ ኮይኖም ዘገልግልዎ ፓትርያርክ ኢሉ ክሸይም ከሎ'ውን፡ ኣብ ድሕሪ መጋረጃ ተሓቢኡ ደኣምበር፡ ነቲ ኣማኒ ሕዝቢ ተነጊርዎ እዩ ዝበሃል ታሪኽ የልቦን። እምበኣርከስ ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃን ካብ መድረኽ ክእለ ዝተደልየ፡ እዚ ኵሉ ዝተባህለ ኣብ ማኅበረ-ምእመናን ከይስማዕ ስለ ዝተፈርሀ ደኣምበር ካልእ ምኽንያት ኣይነበረን።

እቲ ጋዜጣ ኣብ መድፈና ከምዝኣቱ ምስ ገበርዎ፡ ብዮፍታሔን በቶም ንሱ ዝእዝዞም ጳጳሳትን ኣብ ልዕሊ እቲ ቅዱስ ሃይማኖትና ክግመት ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ዕንወት'ዩ ክፍጸም ጸኒሑ።ዝፈረሰን ዝዓነወን ብዙሕ'ዩ። ተሰሪሑ ኢልካ ዝጥቀስ ግን ዋላ ሓንቲ የልቦን። ልዕሊ ኵሉ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ንዮፍታሔ ኣብ ሥልጣን ክቕምጥ ብዝክእል ኣገባብ ምቕያሩ፡ ብታሪኽ እናተዘከረ ክነብር ዘለዎ ዓቢይ ገበን እዩ። ብዝተረረፈ ኣብቲ ነዊሕ ናይ ኦርቶዶክሳዊነትና ታሪኽ፡ ኣቶ ዝመዓርጉ ጭዋ ሃይማኖት ክመርሕ ተሰሚዑ'ውን ኣይፈለጥን። ብዝተረረፈ ንሳቶም እቶም ሰብ ጊዜ፡ እቲ ኵሉ ዕንወት ክፍጽሙ ከለዉ ተሓቢኦም ዝጸንሑ'ዩ መሲልዎም ነይሩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ እቲ ጋዜጣ ክዕጾ ዝተደልየ'ውን ስለዚ እዩ። ከምቲ ኀይታና ኣብ ወንጌል ''እስመ ዘእኩይ ምግባሩ ይጸልእ ብርሃን ከመ ኢይትከሠቶ ምግባሩ'' ዝበሎ፡ (ዮሓ 3፡20-21) እቲ ብዮፍታሔ ዚምራሕ ሲኖዶስ'ውን፡ ኣይተፈለጥኩን ኣይተራኣኹን ብምባል'ዩ ጸልማት ተጎልቢቡ ብዕድል ቤተ ክርስቲያን ክጻወት ጸኒሑ። ካብ ሕጂ ንደሓር ግን፡ እዚ ጸወታ'ዚ ኣይክቕጽልን እዩ።

ከመይሲ እቲ ብዛዕባ ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንና፡ ዓቢይ ጾር ዝሰምዖ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ኣብ ጉባኤ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ እቲ ወግዓዊ ልሳን ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃን፡ ካብቲ ኣትይዎ ዝጸንሐ ጉድኣድ ውጺኡ ንኅትመት ክበቅዕ ስለዝወሰነ፡ ድሕሪ ደጊም እቶም ከፍርሱን ከዕንዉን ዝጸንሑ፡ ከምቲ ዝሓለፈ ክጻወቱ ዝኽእልሉ መድረኽ ዝረኽቡ ኣይመስለናን። ስለዝኾነ'ውን በቲ ሓደ ወገን ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃን፡ ንድኅነት ቤተ ክርስቲያን ክብል ''ሓደ ነገረይ'' ኢሉ ተላዒሉ ከምዘሎ ክፈልጡ ይግባእ። ብዝተረረፈ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ከም ፈውሲ-ሞት ይድለ ኣብ ዘሎ ጊዜ'ዩ ወጺኡ ክበሃል ይከኣል። ከመይሲ እታ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ትርከብ ዘላ ቤተ ክርስቲያንና፡ ናይ ርድኡኒ ኣውያት ካብ እተእዊ ዓመታት ኮይኑ

# ዜና ቤተክርስቲያን

**ትንሣኤ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን** *ናብ 3.ይ ገጽ ይቕጽል*

ተዋሕዶ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ዓዘቕትን ማሕዩርን ኣትያትሉ ኣብ ዘላ እዋን ዝተኻየደ ብምንባሩ፤ ተሳተፍቲ ጉባኤ እዚ መሠረት ናይታ ጽባሕ እንርእያ ህያው፡ ሓራን ብርትዕትን ቤተክርስቲያንና እዩ ብምባል ብኣድናቖት ገሊጾምዎ።

### ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ብሳተላይት መንፈሳዊ ኣገልግሎት ጀሚሩ

ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ ብምዕቡል ተክኖሎጂን ሳተላይትን ተደጊፉ:ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ካልኦት ኣህጉር ንዝነብሩ ምእመናን መንፈሳዊ ጉስነት ንምሃብ ኣገልግሎት ጀሚሩ። ካህን ይኹን መንፈሳዊ ኣላዪ ዘይብሎም ኣብ መላእ ዓለም ፋሕ ኢሎም ንዝርከቡ ምእመናን ድማ ብስፍሓት ይባጻሕ ኣሎ። ኣብዚ ቅዱስ ኣገልግሎት መንፈሳዊ ተልእኮ ዝሳተፉ ዘለዉ ድማ ካህናት ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካን ምሁራት ሰነ መለኮት "ደቂቀ እንጦንዮስ"ን እዮም።

### ካልኣይ ዓመታዊ ጉባኤ መንእሰያት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምብራቓዊን ምዕራባውን ዞባ ሰሜን ኣሜርካ ተኻይዱ።



*ካልኣይ ዓመታዊ ጉባኤ መንእሰያት ቤተ ክርስቲያን ተዋሕዶ ምብራቓዊ ዞባ ሰሜን ኣሜርካ፣*

ካልኣይ ዓመታዊ ጉባኤ መንእሰያት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምብራቓዊ ዞባ ሰሜን ኣሜርካ፣ ካብ 25 ክሳብ 27 ሰነ 2009 ዓ.ም ኣብ ከተማ ራድፎርድ ክፍለ-ግዝኣት ቪርጂንያ ተኻይዱ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ድማ ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ካብ ሓምለ 01 ክሳብ 04/2009 ኣብ ከተማ ፖርትላንድ ክፍለ ግዝኣት ኦረጎን ብኣዝዩ ውዕዉዕን ጎውነታውን መንፈስ ተኻይዱ። ዓላማ ጉባኤ ብሓደ ወገን መንእሰያት ውሉድ ኣምላኽ ኮይኖም ንኽዓብዩን ፍርሃት-ኣምላኽ ዘለዎ ወለዶ ንምፍራይን ክኸውን ከሎ፣ በቲ ካልእ መዳዩ ድማ፡ ቃል እግዚኣብሔር ኣብ መንእሰያት ብምሥራጽ መጻኢ ቤተ ክርስቲያን ንምውሓስ ዝዓለመ እዩ።

እምነት ክርስትና ካብ ገጽ ምድሪ ንምጥፋእ ኣብ ዝሕለነሉ ዘሎ እዋን፣ ከምዚ ዓይነት ጉባኤ ምክያድ ድማ ነቲ ጥንታዊ እምነት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ምዕቃብ ዕዙዝ ተራ ክህልዎ እዩ። ብትሕዝትኡ ኮነ ብኣቀራርብኡ መንፈሳዊ ሃብቲ ዝበዝኖ ጉባኤ ከምዝነበረ ድማ ተሳተፍቲ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ።

እዚ ብሃገረት ስብከት ተማእኪሉ ብዕዙዝ ተሳትፎ መንእሰያት፡ ወለድን መራሕቲ ኣብያተ ክርስቲያናትን ሎሚ ንኻልኣይ ጊዜ ኣብ ምብራቓዊ ዞባ፡ ንፈለማ እዋን ከኣ ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ኣመሪካ ዝተኻየደ ሰፊሕ ምድላዋት ክግበረሉ ዝጸንሐ ጉባኤታት፡ ብቑዓት ተተካእትን ቅኑዓት ዜጋታትን ንምፍራይ ዝዓለመ እዩ።
መራሕቲ ቤተክርስቲያንን ምሁራት ደቂ ቤተክርስቲያንን ዝሃብዎ ትምህርትታት ሃይማኖታዊ፡ ስነ-ጥዕናዊ፡ ኣካዳምያውን ማሕበራውን ኣርእስትታት ዘጠቓለሉ ኔሮም።

### መበል 11 ዓመታዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ተኻይዱ።

ኣብ ቀራና ጎደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ፡ እቲ ጥንታዊ መገድታትን እቲ ጽቡቕ ጎደናን ኣየናይ ምኳኑ ሕተቱ እሞ ብኣኡ ተመላለሱ፡ ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም'' (ኤር 6፡16) ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጠቕሲ ዝተኻይደ መንፈሳዊ ጉባኤ፡ ካብ ትጽቢት ዝተገብረሉ ንላዕሊ ወጻኢ ብዝኒ ምእመናንን ዝተሳተፍዎ፡ ብትሕዝቶኡ ሃብታምን መነቓቕሕን ነይሩ። እዚ ካብ ብዙኃት ክፍለ ሃገራት ኣመሪካ፡ ኤውሮጳን ኣፍሪቃን ብዝመጹ ኣጋይሽ ተጋቢኡ ዝቖነየ፡ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ



*መበል 11 ዓመታዊ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ*

### ልኡኽ ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ምስ ፖፕ ሺኖዳ ተራኺቡ።



*ልኡኽ ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ምስ ብጹእ ኣቡነ ዳዊት*

ኣብ ድሮ በዓል መስቀል ማለት ብ26 መስከረም 2009 (፲፮ መስከረም ፳፻፪ ዓ.ም ግእዝ) ምስ ፖፕ ሺኖዳ 3ይ ሊቀ ጳጳሳት ቤተክርስቲያን ምስሪ ተራኺቡ ተዘራሪቡ። ኣብ'ቲ ርክብ፣ ኣብ መንፈሳዊ ክልቲኣን ኣሓት ኣብያተ ክርስቲያን ዘተኮረ ዝርርብ ድሕሪ ምልዛቦም፣ ኣብ ህሉው ኩነታት ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኩነታት ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ፓትርያርክ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን-ኤርትራ ዕሙቕ ዝበለ ልዝብ ኣካይዶም።
ኣብዚ ናይ ፈተና እዋን ቤተ ክርስቲያን ምስሪ ንናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ, ፡ ምሉእ ደገፍ ክትገብር ምኳና ፖፕ ሺኖዳ ቃል ኣትዮም። ቀጺሎም፣ ብፁዕ ወቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ 3ይ፡ ኣኃት ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ብዘይካ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ካልእ ፓትርያርክ ከም ዘይቅበሉን እቶም ፓትርያርክ ተባሂሎም ኣብ ሥልጣን ተቐሚጠም ዘለዉ፡ ኣብ ሓዋርያዊ ሰንሰለት ቅዱስ ማርቆስ ዘይቁጸሩ ምኳኖምን፡ ኣብ ዝኾነ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ግደ ከም

**ዜና ቤተክርስቲያን** *ናብ 4.ይ ገጽ ይቕጽል*

**ትንሣኤ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን** *ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ*

እዩ። እዚ ድማ ከምቲ ያዕያን ከይተገባእ ቤተ-መቕደስ ክኣቱ'የ ኢሉ ዝተሃንደደ፡ እታ ኣብ ኢድ ሓላፍነት ዘይርድኦም ጳጳሳት ወዲቓ ዘላ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና'ውን፡ ተመሳሳሊ ጸገም'ዩ ኣጋጢሙዋ ዘሎ። እቲ ስሙ ደኣ ዮፍታሔ ኮይኑ እምበር፡ እቲ ዝገብሮ ዘሎስ ግብሪ ያዕያን እዩ። ከመይሲ ከይተገብአ ልዕሊ ፓትርያርክ ኮይኑ ሃይማኖት ዝመርሕን ጳጳሳት ክእዝዝን ዝርከብ ዘሎ፡ ናይ'ዚ ጊዜ'ዚ ያዕያን ዮፍታሔ ዲሜጥሮስ እዩ። (2 ዜና 26፡16-23)

እምበኣር እታ ቅድስቲ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያንና፡ እዚ ዕዳ'ዚ ከቢድዋ እያ ብመልክዕ ኣውያት ናይ ርድኡኒ ስቓይን ቃንዛን ተስምዕ ዘላ። ስለዚ'የ እውን ኣብ መበል 11 ዓመታዊ ጉባኤ-ዋሽንግቶን ዲሲ ነዚ ኣውያት'ዚ መልሲ ንምሃብ፡ ጉባኤ ጸዊዑ ሰፊሕ ዘተ ዘካየደ። እዚ ጉባኤ'ዚ ናይ ዝገበሮ ጻዕሪ ከኣ፡ ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃን ካብቲ ዝኣተወቶ ጉድጓድ ተፋሒራ ክትወጽእ ዝኽኣለት። ስለዚ'ውን ይንዋሕ ይሕጸር ብዘየገድስ፡ ኣቲ ኣብ ዝባን ቤተ ክርስቲያን ተቐሚጡ ዘሎ መንደዓት ክሳብ ዝወርድ፡ ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃን ከም ቀደማ ወግዓዊት ልሳን ቤተ ክርስቲያን ኮይና፡ ንኹሉ ኣሚኒ ሓቂ ክትምስክርን ብርሃን ወንጌል ክትነግርን ከም ዝተላዕለት ከተበሥር ከላ፡ ብጸሎት ከተሰንየዋ ትምሕጸን ኣላ።

# ብሩክ ዘይመጽእ በስመ እግዚኣብሔር

*ብዲያቆን ተኽለማርያም ምርካጸዮን*


*ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ*

እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ብሩኽ'ዩ ብምባል፡ ቅዱስ ዳዊት ዝተዛረቦ ቃል ናይዚ ጸሐፍ'ዚ ኣርእስቲ ክኸውን ተመሪጹ ኣሎ። እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ዘበለ ኹሉ፡ ሠናይን ሰላምን ፍቕርን ሒዙ ስለዝመጽእ፡ ቡሩኽ'ዩ ክበሃል ግቡእን ቅኑዕን እዩ። ብርግጽ'ውን መስቀልን ወንጌልን ኣምሪሑ ዝመጽእ ሰብ፡ ቡሩኽን ብፁዕን እንተተባህለ ዝበዝሖ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ' ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንና፡ ንብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ "ቡሩክ ዘይመጽእ በስመ እግዚኣብሔር" ብምባል፡ ኢዳ ዘርጊሓ ብኽብርን ሓጎስን ትቕበሎም ዘላ።

ብዝተረፈ ብፁዕ ኣቦና ንቤተ ክርስቲያንና ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያንን ጋሻ ኣይኮኑን። ገና እቲ ጉዕዞ "ሀ" ኢሉ ክጅምር ከሎ፡ ማለት 1983 ዓ.ም (1991) ኣሥመራ ከምዝኣተው ርግጽ እዩ። እቲ ርእሰኻ ክኢልካ ከም ነጻ ቤተ ክርስቲያን መጠን ክግበር ዝነበሮ ጉዕዞ፡ መሠረት ይንጸፍ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፡ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዋና ተዋሳኢ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ኣብቲ ሽዑ ዝነበረ እዋን ብዝኾነ ምምሕዳራዊ ቅርጺ ዘይነበረሉ ጊዜ፡ መጽናዕቲ ኣካይድካን መደብ ሓንጺጽካን ክትሠርሕ ምኽኣል፡ ቀሊል'ዩ ዝበሃል ተልእኾ ኣይነበረን።

ብርግጽ'ውን ንብዙኃት ሰብ ሞያ ክሳትፍ ዝግብኦ ዓውዲ'ዩ ኔሩ። እታ ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያንና ግና ናይ ቅኔን ድጓን ጸዋትው-ዜማን ሊቃውንቲ እምበር፡ ምስ ዘመናዊ ናይ ምምሕዳር ዘይቤ ዝፋለጡ ምሁራን ኣይጸንሕዋን። ስለዚ'ውን እቲ ኣብ 1983 ዓ.ም (1991) ዝብገስ ዝነበረ መንፈሳዊ ጉዕዞ፡ ክሳብ ክንደይ ሰብ ሞያ ይድለዩ ከምዝነበሩ ምግማት ኣይጸግምን።

ስለዝኾነ'ውን ኣብቲ ሽዑ እዋን ብመገዲ ዩኒቨርሲቲ ዝሓለፉ ኣብቲ መንበረ-ጵጵስና፡ ብጀኻ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ክጥቀስ ዝኽእል ካልእ ሰብ ኣይነበረን። እቲ ሽዑ ዝነበረ ናይ ሥራሕ ክብደት ከላ፡ ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ክግመት ይከኣል። ብኣጠቓላሊ ክርአ ከሎ እቲ ሽዑ ዝነበረ ሥራሕ ብዙሕ ክኸውን ከሎ፡ ሞያዊ ብቕዓት ዝነበሮ ኃይሊ ሰብ ግን ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። እቲ ካልእ ተወሳኺ ጸገም ድማ፡ እቲ መንበረ-ጵጵስና ዝተኣዘዞ ዝፍጽም ደኣምበር፡ ባዕሉ መደብ ኣውጺኡ ክሠርሕ ይኽእል ዘይመንበሩ እዩ።

ስለዚ'ውን ኣብቲ ሽዑ እዋን እኹል ሞያዊ ዓቕሚ ክርከብ ካብ ዘይምኽኣሉ፡ ብፁዕ ኣቦና ኣቡነ መቃርዮስ ምክትል ኣቦ-መንበር ሲኖዶስ፡ ከምኡ'ውን ናይ ምምሕዳርን, ወጻኢ ዝምድናን, ትምህርትን ሓላፊ ኮይኖም ክሠርሑ፡ ግድነት ኮይኑዎም ከምዝነበረ ይፍለጥ። እዚ ኹሉ ጻዕሪ ተገይሩ'ውን እቲ ናይ ምምሕዳር መሓውር፡ ተደፊኡ ኮነ ተሳሒቡ ክንቀሳቐስ ክኢሉ'ዩ ዝበሃል ኣይነበረን። ብውሽጢ ኮነ ብደገ ዝመጽእ ዕንቅፋት ነይሩ እዩ። ፈተና ዘየጋጥሞ መንፈሳዊ ጉዕዞ ደኣ ዘየሎ ኮይኑ እምበር፡ ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ማዕበል ንኽትሠርሕ ዝኽእል ሃዋህው ነይሩ'ዩ ክበሃል'ውን ኣይከኣልን።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ዝተባህለ ኹሉ ንታሪኽ ዝግደፍ ኮይኑ፡ ሕጂ ድማ እንሆ እታ ራህዋን ሰላምን ሓሪሙዋ ዘሎ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን፡ ንብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ መጸዋዕታ ገይራትሎም ኣላ። ብፁዕነቶም'ውን ንዝቐረበሎም መጸዋዕታ ከምእተቐበልዎ፡ ኣብቲ 21 ጥቅምቲ 2002 ዓ.ም (31-10-2009 ኢ.ፈ) ብመገዲ ተዋሕዶ ኦርግ (www.tewahdo.org) ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጺ ተመልኪቱ ኣሎ። ኣብ ጊዜኡን ሰዓቱን ዝተገብረ መጸዋዕታ ስለዝኾነ ድማ፡ እታ ኣብ ከቢድ ፈተና ትርከብ ዘላ ቤተ ክርስቲያንና ክትረብሓሉ እያ ዝብል ተስፋ ኣሎና። ከመይሲ እታ ቅድስቲ ዝኾነት ቤት እዚኣ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ካብ ዝተሓየሩሉ ጊዜ ኣትሒዙ፡ ሰላምን ርግኣትን ኣለዋ ክበሃል ስለዘይከኣል፡ ብፁዕ ኣቦና ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት ምምጽኦም፡ ኣብቲ ሰብ ዝድለየሉ እዋን'ዮም መጺኦም ክበሃል ይከኣል።

ብዝተረፈ እቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዘሎ ተደራራቢ ጸገም፡ መፍትሒ ክሳብ ዝርከቦ ድቃስ ክህበና ዝኽእል ኣይኮነን። ከመይሲ እቲ ብስም ሲኖዶስ ኣብ ሥልጣን ተቐሚጡ ዘሎ ጉጅለ ጳጳሳት፡ ካብ ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ወጻኢ ፓትርያርክ ምስዓሩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደ ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን ዘይፈልጥ ጭዋ፡ ኣብቲ ዝለዓለ መንበር ከምዝቕመጥ ምግባሩ፡ ብዝኾነ መዐቀኒ ቅቡል'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ'ዩ እቲ ዝግበር ቃልሲ ብጳጳስ ዝተማእከለ ክኸውን ኣድላዪ ዘሎ።

ኣብዚ ቀውጢ ዝኾነ ሰዓት'ዚ እዮም እምበኣርከስ ብፁዕ ኣቦና፡ ናይ ኣፈርክቡ መርድእ በጺሕዎም መጺኦም ዘለዉ። ብሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ዝተገብረሎም መጸዋዕታ ምቕባሎም ድማ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔርን ሰብን ዘኽብሮም ውሳኔ እዮም ወሲዶም። ብዝተረፈ እቲ ዝጽበዮም ዘሎ ዕማም ብዙሕን ሰፊሕን ምዃኑ ርዱእ'ዩ። እቲ ክመጽእ ዝኽእል ፈተና'ውን ክግመት ይከኣል እዩ። ይኹን እምበር እቲ "ኢትፍራህ ምንተኒ በእንተ ዘሃለወከ ትሕምም" ተባሂሉ ዝተነግረ ኃይለ-ቃል፡ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ብፁዕ ኣቦና ዝፈልጥዎን ዝተመከሩዎን ስለዝኾኑ፡ ብኃይለ-መስቀል ክሰዕርዎ እዮም ዝብል እምነት ኣሎና። (ራእ 2፡10)

ብዝተረፈ እዚ ሕጂ ኣብ ቤተ ክርስቲያንና ዘሎ ህልውና ኩነታት፡ ተጻዊርናዮ ንኺድ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ከመይሲ ኣቦ ምሉእ ሕዝቢ ተዋሕዶ ዝኾኑ ፓትርያርክ ኣብ ማሕየር ተታሒዞም እናሃለዉ፡ እቲ ሃይማኖት'ውን ብቐንዱ ብሓደ ተራ ጭዋ ይምራሕን ይመሓደርን ክሳብ ዝሃለወ፡ ንቡር ሕይወት ኣሎና ክበሃል ኣይከኣልን። ስለዚ'ውን እቶም ኣብ ዘይግብኦም መናብር ተቐሚጦም ዘለዉ ኹሎም፡ ካብ ዝባን ቤተ ክርስቲያን ክሳብ ዝወርዱ ንድሕሪት ኣቢልና ንጥምተሉ ምኽንያት ክህልወና ኣይግባእን። ርግጽ'ዩ ቃልሲ ክግበር ኣይጸንሐን ማለት ኣይኮነን። ብደረጃ ጳጳስ ዘይተማእከለ ብምዃኑ ግን፡ ክንድቲ ዝድለ ኮይኑ ኣይጸንሐን። ስለዚ ከኣ'ዩ ናይ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ምምጻእ፡ ዓቢ ዝላ ንቕድሚት ተባሂሉ ዝውንገስ ዘሎ።

ካብቲ ዝጽበየና ዘሎ ዕማማት ሓደ፡ ምስቲ ንሕና'ውን ኣካሉ ዝኾንና ናይ ምብራቕ ኣብያተ ክርስቲያናት ጉባኤ ዘሎና ዝምድና እዩ። ከምዝፍለጥ እዚ ጉባኤ'ዚ ንፓትርያርክነት ኣቡነ እንጦንዮስ እንተዘይኮይኑ፡ ንዝኾነ ካልእ ፓትርያርክ ኣፍልጦ ከምዘይሀብ ወግዓዊ መግለጺ ኣውጺኡ እዩ። ስለዚ ክሳብ ናይ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ጉዳይ መፍትሒ ዝርከቦ፡ ዝምድና ቤተ ክርስቲያንና ምስቲ ምብራቓዊ ደምበ ብኸመይ'ዩ ክቕጽል? ዝብል መልሲ ዘድልዮ ሕቶ ኣሎ። ስለዚ ናይቲ ሓዋርያዊ ሰንሰለት ተካኢ ናይ ምዃን መሰል፡ ንመን ከምዝምልከት መጉትትና ከነእምን ክንክእል ኣሎና። ኣቐድም ኣቢልና ከምዝበልናዮ፡ እቲ ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ብምግሃስ ዝተፈጸመ ናይ ኣባ ዲዮስቆሮስ ፓትርያርክነት፡ ሕጋዊ ኣፍልጦ ስለዘሰኣነ ካብ ኅብረት ናይ ምብራቕ ኣብያተ ክርስቲያናት ተፈልዩ ይርከብ ኣሎ። እዚ ተነጽሎ'ዚ ግን ነቶም ኣብ ዘይግብኦም መንበር ተቐሚጦም ዘለዉ ኣቡን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዓቢኡ ንቤተ ክርስቲያንና'የ ካብቲ ኣካሉ ዝኾነት ኦሬንታል ደምበ ፈልዩዋ ዝርከብ ዘሎ። እዚ ጋሪዱና ዘሎ መንደቕ ከም መንደቕ ኢያሪኮ ክፈርስ ከይከኣለ ከሎ፡ ጸገም ቤተ ክርስቲያን ፍታሕ ተረኺቡዎ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን።

ስለዚ'ውን ንድኅነት እቲ ቅዱስ ኦርቶዶክሳዊ ሃይማኖትና ክንብል፡ ኣድላዪ ዘበለ ኹሉ ክንገብር እዋኑን ሰዓቱን ሕጂ'ዩ። ናይ ተቓውሞ ድምጽና ዓው ኣቢልና ነስምዓሉ'ውን ሕጂ'ዩ። ስለዚ ነቶም ጸላልን ጉልላትን ቤተ ክርስቲያን ብምዃን ከማእክሉና መጺኦም ዘለዉ ብፁዕ ኣቦ፡ ጋዜጣና "ኣባ! ኣባ! ባርኽኒ፡ እስመ ለቡራኬ-መስቀል፡ እዴክ ሃበነ" ብምባል መስቀሎም እናሳዓመ፡ ኣሳልጦን ዓወትን ዘለዎ ናይ ሥራሕ ጊዜ ክኾነሎም፡ ሠናይ ትምኒቱ ይገልጽ።

# ሰማእታት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን

*ዲ.ጸሃየ መንግስተኣብ*

"ኩሎም ሰማእታት ቤተ ክርስቲያን ብሓደ ወገን፡ ሰማእታት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ድማ በቲ ካልእ ኣብ ሓደ ሚዛን እንተዝምዘኑ፡ ሚዛን ሰማእታት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ምዛየደ" ይብል ተርቱልያን ዝተባህለ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ኣበው ቤተ ክርስቲያን።

"እዚኦም ኩላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረኸብወንን፡ ግናኸ ካብ ርሑቕ ርእዮም ተሳለምወን እሞ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም እናተኣመኑ፡ ብእምነት ሞቱ" (እብራውያን 11፡13)።

ንስኻኸ? ንስኺኸ?

"ነቲ ንነፍሲ ወከፍ ብዘይ ኣድልዎ ከከም ግብሩ ዚፈርድ፡ ንስኻትኩም ኣቦ ኢልኩም እትጽውዕዎ ኻብ ኮንኩምሲ ኣብዚ ዘመን ግሽነትኹም ብፍርሃት ንበሩ።" (1ጴጥ 1. 17)።

## ዜና ቤተክርስቲያን

ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ


ልኡኽ ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ምስ ፓፓ ሺኖዳ

ዘይብሎምን ገሊጾም። ኣስዒቦም፣ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝወሰድዎ መንገዲ ሓዋርያዊ ስለዘኾነ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ኣብ ቅዳሴ ብጸሎት ወትሩ ይዝክርኦም ከምዘለዋ ኣብ ናይ ቅድስና መዓርግ ብተግባር ዝበቕዑ ኣቦ ምዃኖም ፓፓ ሺኖዳ ገሊጾም።

ብተወሳኺ፣ ልኡኽ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ምስ ኃላፊ ኅብረት-ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ካህን ዶር. ሽኖዳ መሓር ተራኺቡ ብዛዕባ መሰልን ግደን ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ዘትዩ። ካህን ዶር. ሺኖዳ መሓር፡ ብሓዋርያዊ ሰንሰለት ሕጊ ተማእኪሉ ዝኸይድ ሃገረ-ስብከት ምሉእ ተቐባልነት ከምዘለዎ ድሕሪ ምግንዛብ፣ ብብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ እትምራሕ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን-ኤርትራ ጥራይ ንቕበል፣ ካብዚ ወጻኢ ዝኾነ ፓትርያርክ ናይ ኤርትራ ኣይንፈልጥን ኢና ኢሎም። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ድማ ኣብ ዝኾነ ጉባኤና ክሳተፉ ኮነ ክዕደሙ ሓዋርያዊ ሥርዓትና ኣይፍቀድን እዩ ኢሎም።

ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ: ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን-ኤርትራ፡ ብቀኖና ቤተ ክርስቲያን ተዋሕዶ ዝምራሕ፣ ሕጋዊ መራሒኡ ድማ ኣቡነ እንጦንዮስ ፓትርያርክ ወሊቃነ ጳጳሳት እዮም። ካብዚ ወጻኢ ግና ዝኾነ ካልእ መራሒ ኣይቅበልን እዩ።

### መርበብ ሓበሬታ ተዋሕዶ (www.tewahdo.org) ልዕሊ 4 ሚልዮን ሕዝቢ በጺሑማ።

ክሳብ ሕጂ ብዝረኸብናዮ ውሽጣዊ ጸብጻብ፣ መርበብ ሓበሬታ ተዋሕዶ ልዕሊ 4.6 ሚልዮን




ሰባት ኣብዚ ቀረባ እዋን ከም ዝበጽሕዋ ኃላፊ መርበብ ሓበሬታ ተዋሕዶ ገሊጾም። እቲ ቀጻሊ ዝዳሎ ስብከታት ንብዙሓት ሰባት ምንጪ ምጽንናዕ፣ ምንጪ ተስፋ፣ ምንጪ ሓጎስ፣ ምንጪ ፍልጠት ከምዝኾኖም ገሊጾምልና ኣሎው ክብሉ ዋና ኣዳላዊ መርበበ ሓበሬታ ተዋሕዶ ገሊጾም። እቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰንበት ብቐጥታ ዝመሓላለፍ ቅዳሴ'ውን ብእኩብ ኮነ በተናጸል ኣመንቲ ይረብሑሉ ከምዘለው ጸብጻባትና ይሕብሩ። ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ ምእመናን ንምጉሳይ ዘመን-ዘምጽኦ ተክኖሎጂ ተጠቒሙ ቀጻሊ ኣገልግሎታት ክህብ ምዃኑ ንምእመናን ብሓጎስ ደጊሙ የረጋግጽ።

### ልኡኽ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ፡ ኣብ ሕብረት ጉባኤ ኣብያተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተሳቲፉ።

ካብ ኣወሃሃዲ ኮሚቴ ናይ ምብራቕ ኦርቶዶክስን ኦሬንታል ኦርቶዶክስን ጉባኤ ጳጳሳት ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ብዝቐረበሉ ዕድመ መሠረት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ፡ ኣብቲ ብዕለት 26 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ኒው-ዮርክ ቅድስት ሥላሴ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግሪኽ ዝተገብረ 9ይ ዓመታዊ ናይ ሓባር ጸሎት ወኪል ብምልኣኽ ተሳቲፉ ከም ዚፍለጥ ናይ ኦሬንታል ይኹና ናይ ምብራቕ ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ነቲ ብዘይሕጊ ዝተመርጸ ብስም ሥላሴ ዝተወገዘ ሓድሽ ምምሕዳር ናይ ኣሥመራ ዘይቅበላኦን ወኪላቱ ኣብ ጉባኤ ክሳተፉ ዘይፈቕዳን እየን።

### ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ናብ ምሉእ ሃገረ ስብከት መንበረ ሊቀ ጵጵስና ዓብዩ።

ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ብቆሞስ ክምራሕ ድሕሪ ምጽናሕ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ፡ ጳጳስ ናይቲ ሃገረ ስብከት ኮይኖም ድሕሪ ኣገልግሎት ምጀማሮም ናብ ምሉእ ሃገረ ስብከት ዓብዩ።

ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ፡ ኣብ 1991 ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ንዝርከቡ ምእመናን ሓበሻ ከገልግሉ ዝተቐብኡ ጳጳስ እዮም። ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ፣ ጳጳስ-ዲበኩሉ ኮይኖም ኣብ ብዙሕ መደባት ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ መስከረም 2009 (2002 ዓ.ም.ግእዝ) ጀሚሮም ናይ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ጳጳስ ኮይኖም ኣገልግሎቶም ይቕጽሉ ኣለዉ።

### ናይ ኦሬንታል ኅብረት ዓመታዊ ጉባኤ ብጸሎተ ቅዳሴ ኣብ ኣትላንታ ናይ ሕንዲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ተኻይዱ።

እዚ ንራብዓይ ጊዜ ብናይ ኩለን ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ዝካየድ ዓመታዊ ጉባኤ



ብጸሎት ንኹሎም ፓትርያርካት ኪዝክር እንከሎ ንፓትርያርክ ኤርትራ ብፁዕ ወቅዱስ ግን ብመሠረት ኩሎም ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያን ዝሕለፍዎ ውሳኔ ብፍሉይ ጸሎት ተዘኪሮም። ከም ዝፍለጥ ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያን ኣብ ርእሲ ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ንጹር ናይ እምነት ሓድነት ዘለዎም እዮም።

### 47 መንእሰያት መዓርገ ዲቁና ተቐቢኦም

ሰላሳን ትሽዓተን መንእሰያት ካብ ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ኣትላንታ፣ ኣርባዕተ




ኣብ ከተማ ሲ ን ሲ ና ቲ ፣ ኣ ር ባ ዕ ተ መ ን እ ሰ ያ ት ድማ ኣብ ካይሮ ግብጺ መ ዓ ር ግ ዲ ቁ ና ተ ቐ ቢ ኦ ም ። መብዛሕትኦም እዞም መንእሰያት ብተኸታታሊ ንዓመታት መንፈሳዊ ትምህርቲ-ዲቁና ክመሃሩ ዝጸንሑ እዮም።

እዞም ካብ መዓርግ ዘማሪ ክሳብ መዓርግ ዲቁና ዝተቐብኡ መእሰያት፡ ድሮ ብቋንቋ እንግሊዝኛን ትግርኛን ኣገልግሎት ክህቡ ጀሚሮም ኣሎዉ።

ብተመሳሳሊ መገዲ ኣብ 2008 6 ዲያቆናት ኣብ ቅድስት ስላሴ ቤተክርስቲያን ስያትል: ኣብ 2006 ዓ.ም ድማ 12 ዲያቆናት ኣብ ቤተክርስቲያን ቅድስት ማርያም ኦክላንድ ካሊፎርንያ መዓርግ ዲቁና ከምዝተቐብኡ ዝዝከር እዩ።

ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜርካ "ኣብዛ ሃገር ብዝዓበዩ መንእሰያት ጌርካ ምእመናን ምጉሳይ" ዝብል ዝተለሞ ውጥን: እንሆ እቲ መደብ ተጀሚሩስ ድሮ እኳ ገለ ካብዞም መንእሰያት ብዝተፈላለየ መዓርግ ንቤተ ክርስቲያን የገልግልዋ ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም ድማ ምስ "ደቂቀ እንጦንዮስ" ብምትሕብባር ስነ-መለኮት (Theology) ክጽንዑ ጀሚሮም ኣለዉ።

እዞም ዝተቐብኡ መንእሰያት ሓዋርያዊ ሕግን እምነትን ቤተ ክርስቲያን ተኸቲሎም ክኸዱ፡ ንእግዚኣብሔር ብምሉእ ልቦም ከገልግልዎ ኣመንቲ ብጸሎትና ከሰንይዎም ሓደራ ንብል።

ነዚ ነገር'ዚ ክውን ዝገበረ እግዚኣብሔር ስሙ ንዘለኣለም ይባረኽ. ኣሜን።

## ሰናይ ምጅማር "ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን"

ተስፋ ተኽለ

ከምቲ ንጉስ ዳዊት "ናይ ቀደም መዓልታት እዝክር ኣሎኹ፣ ኩሉ ተግባርካ ኣስተንትን፣ ግብሪ ኣእዳውካ እሓስብ ኣሎኹ። እናጸሌኹ ኣእዳወይ ናባኻ እዝርግሕ ኣሎኹ። ኣነ ከም ደረቕ ምድሪ እጸምኣካ ኣሎኹ።" (መዝ. 143፥5-6) ዝበሎ፤ ንሕና እቶም ካባኺ መንፈሳዊ መግቢ እንምገብ፣ ከም ዕላዊት ልሳን ቤተክርስቲያን ኩነታትን ዕብየትን ቤተክርስቲያንና ብቐጻሊ ንፈልጥ ስለዘነበርና፡ ብዙሕ ረብሓ ኤሩና። እንተኾነ ዘይተጸበናዮ ሰይጣናዊ ንፋስ፡ ኣብ ቤተክርስቲያንና ምስ ነፈሰ፡ ንዓኺ "ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን" ጥራይ ዘይኮነስ ንብምልእታ ቤተክርስቲያንና ኣብ ማሕዩር ዘእተወ ህቡብላ እዩ ኮይኑ። እንተኾነ "ኣምላኽ ጸድፊ ይፈጥር እሞ መደያይቦ ኸኣ ምስኡ" ከም ዝብሃል ኣብ ስደት ኮይኖም ንህዝቦም ብሓቅን ብኃዋርያዊ ቀኖናን ዝመርሑ ውሉደ ክህነትን ለባማት ደቂ ቤተክርስቲያንን ረኺብና፡ ጸሎትና ሰሚሩ ዳግማይ ኪንረኽበኪ ብምብቃዕና ንኣምላኽ ነመስግኖ። ከምቲ ንጉስ ዳዊት "ነቲ ብጸላእተይ ዝረኽቦ ዘለኹ መከራ ርኣዮ፣ ኣታ ካብ ኣፍ ሞት

> **ኃዋርያት ቅዱሳት ጽሑፋት እንተዘይጽሕፉ ኔሮም፡ ሎሚ እቲ ኣብ ዓለም ብዝርጋሔኡ ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘ "መጽሓፍ ቅዱስ" ኣይምሃለወን ኔሩ።**

እተውጻኣኒ ደንግጸለይ" ዝበሎ (መዝ. 9፥13) ንዓኺ ብምስኣንና፡ ኣባና ዝወረደ መንፈሳዊ ጽምኢ ኣምላኽ ደንገጸልና። ነቶም ኣመንቲ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ከኣ ብዘይ ሓደ ኣላዪ ክሓድገና ስለ ዘይደለየ፣ ካብታ እተዓጸኽላ ቁጽሪ ንኽትቅጽሊ መንፈሳዊ መልእኽትኺ ብሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ከተመሓላልፊ ፍቓድ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብምዃኑ ምስጋና ንዕኡ ይኹን። ብተወፋይነት እቶም ኮስኲስኪ ዘዕበኽዮም ምሁራንን ሊቃውንትን ደቅኺ እቲ ጸዳል ብርሃንኪ ከንጸባርቕ ምብቃዖ፡ እንቋዕ ዳግማይ ትንሳኤኺ ኣርኣየና ንብል።

"ኣብ ኣፍ ዘሎ ተረሳዓይ፡ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ግን ነባራይ" ከምዝብሃል፡ ኣድላይነት ስነ-ጽሑፍ ንምፍላጥ ኃዋርያትን ሰዓብቶምን ምጥቃስ ኣኻሊ እዩ። ኃዋርያትን ቅዱሳት ኣርድእት ክርስቶስን፡ ቅዱሳት ጽሑፋት እንተዘይጽሕፉ ኔሮም፡ ሎሚ እቲ ኣብ ዓለም ብዝርጋሔኡ ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘ "መጽሓፍ ቅዱስ" ኣይምሃለወን ኔሩ። ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ክርስቲያን ብዘይ መጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ዝኣመሰለ እምነትን ስርዓተ እምልኾን ምሃለዎም? ንምርዳኡ ከቢድ እዩ። እቶም ነታ እንኮ ልሳን ቤተክርስቲያን "ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን" ዓጽዮም፡ ንቤተክርስቲያንና ካብ ሃዋርያዊ ሰንሰለታ በቲኾም፡ ከም ቤተ-መዘክር፡ ስም ጥራይ ዝሓዘ ዓስከሬን ንምግባራ ዝሓለኑን ዝተግበሩን እምበኣር ታሪኻዊ ጌጋ እዮም ፈጺሞም። ከምውጽኢቱ ሎሚ ብህዝቦምን ደላይ ሓቅን ርትዕን ምእመናን ዓለምን ብቐጻሊ ኪኹነኑ ንዕዘብ ኣሎና።

ከምቲ ኣበው "ንተግባሩ ስሙ ይመርሖ" ዝብልዎ ከም ስምኪ ብርሃን ብምዃን፣ ቅድሚ ሕጂ ብዙሓት መንፈሳዊ መማህራንን ሊቃውንትን ኣፍሪኺ ኢኺ'ሞ ንቀጻሊ'ውን መጻኢና ብሩህ ኮይኑ፣ ነታ ኣብ ቅልውላው ዘላ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንና ማለት ኣመንታን ሰዓብታን መንፈሳዊ መራሕታን፣ ነቲ ሓቀኛን ቅኑዕን መስመር ሰረተ እምነትን ቀኖናን ናይ'ዛ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ኪኽተሉ፣ ንዘሎ ጊዜያዊ ዘይምርድዳእ ፍታሕ ረኺቡ፣ ምርግጋእ፣ ሓድነት፣ ሰላምን ፍቕርን እተበስሪ ልሳን ክትኮኒ፣ ልሳንኪ ከምቲ ልሳን ቅዱሳት ነቢያትን ሓዋርያትን ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመርሐ ክኸውን ንኣዳለውትኺ ጸጋ ኣምላኽ ከይፍለዮም ሰናይ ትምኒተይ እገልጽ።

# መንፈሳውነት(መንፈሳዊ ምግቢ)

## ነቲ ጊዜ ፍለጥዎ!

ብቀሲስ ሓለፎም ዓንደማርያም

ነቲ ጊዜ ፍለጥዎ ዝብል ጥቕሲ ከነንብብ ከሎና፡




ወትሩ ክንዝክሮ ዝግባእ መንፈሳዊ ምኽሪ ኣሎ። ንሱ ድማ ኣበይ ከም ዝነበርናን ናበይ ገጽና ንኸይድ ከምዘሎናን በቲ ኣብ ኣካላትናን ውሽጣዊ ኣተሓሳስባናን ዝመጽእ ዘሎ ለውጥታት ብዙሕ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ሓዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ጊዜ ክዛረብ ከሎ፡ ''ነቲ ጊዜ ፍለጥዎ፡ ካብ ድቃስ ትበራበርሉ እዋን በጺሑ እዩ። ከመይ ምድኃን ካብቲ ዝኣመንናሉ ጊዜ ሕጂ ኣዝዩ ናባና ቐሪቡ ኣሎ። ለይቲ ሓሊፉ መዓልቲ ቀሪባ እያ። ስለዚ ግብሪ ጸልማት ደርቢና ኣጽዋር ብርሃን ንልበስ'' ይብል። እወ ንኽንደይ ዓመታት ኣብዚ ምድሪ ክንጸንሕ ኢና ብዘየገድሶ ዕድሜና ብጣዕሚ ሓጺር ምዃኑ ክንርስዕ ኣይግባእን። ስለዝኾነ ከኣ ኩሉ ሓሳብ ጸልማት ደርቢና፡ ሥራሕ ብርሃን ክንዕጠቕ፡ ደረት ጊዜና ብምፍላጥ'ውን በብእዋኑ እቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ሕጂ ክንፍጽሞ፥ እቲ ክንገብሮ ዘይግብኣና ድማ ንኸይንገብሮ ብምውሳን፡ ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ጊዜ ኣብ ረብሓ ዘለዎ ነገር ከነውዕሎ ብርግጽ ዘየጣዕስ ሥራሕ ጽድቂ እዩ። ሮሜ 13፡11።

ኵልና ደቂ ኣዳም ናይ ጊዜ ሰብ ሕድሪ ኢና። ኣምላኽ ንነፍስ ወከፍና ካብቲ ናይ ዘለዓለም ጊዜ ሓጺር ዕድመ ሂቡና ኣሎ። እዚ ዝረኸብናዮ ወርቃዊ ዝኾነ ናይ ጊዜ ዕድል ንኽብሪ ኣምላኽን ረብሓናን ክንጥቀመሉ መንፈሳዊ ሓላፍነትና እዩ። እንተድኣ ብግቡእ ተጠቒምናሉ ድማ፡ ብኢድ እቲ ኵሉ ዝኽእል ኣምላኽ ኣብ ሥራሕ ዘለዓለማውነት ዓቢይ ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ። እንተድኣ ብሸለልትነትን ከንቱነትን ኣሕሊፍናዮ ግና፡ ኣብ መወዳእታ ፍርዲ፡ ጸብጻብ ክንህብ ከሎና፡ ናይቲ ብኽሳራ ዘሕለፍናዮ ክቡር ጊዜ፡ ግድን ተሓተቲ ክንከውን ኢና። እምበኣር እስከ ነዚ መብርሂ እንተኾነና ገለ ኣብነታት ክንጠቕስ። እቶም ዓበይቲ ናይ ኣምላኽ ኣገልገልቲ ዝበሃሉ ክቡራት ሰባት ከም ሙሴን ኤልያስን ሓዋርያ ጳውሎስን ዝኣመሰሉ፡ ንኣጠቓቕማ ጊዜኦም እንተ ተዓዚብና፡ በቲ ዘበርከትዎ ቅዱስ ጽሑፋትን ካብ ዘመኖም ጀሚሮም ክሳብ ሕጂ ኣብ ልቢ ህዝቢ ዘምጽእዎ ዓቢይ ለውጥን፡ ንወርቃዊ ጊዜኦም መወዳድርቲ ብዘይርከቦ ኣገባብ ኣብ ዕዮ ኣምላኽ ከምዝተጠቐምሉ ይበርሃልና።

ንሕና ድማ ሓደ ካብቲ ንጊዜና ክንጥንቀቐሉ ዝግባእ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣብዛ ሓላፊት ዓለም ንሓጺር ጊዜ ጥራይ ስለንነብርን መወዳእታ ዕምርናውን መኣስ ምዃኑ ስለ ዘይንፈልጥን እዩ። ዓመታት እናወሰኽና ብዝኸድና መጠን እተን ቍንጣሮ ናይ ምድራዊ ሕይወት ጉዕዞና እናወዳእና፡ ናብቲ ሰፍርን መወዳእታ ቁጽርን ዘይብሉ ናይ ሰማይ ናብራ ንኸይድ ከምዘሎና ክነስተውዕል ብጣዕሚ ጠቓሚ እዩ። ብዛዕባ እዚ ሓዋርያ ያዕቆብ፡ ''ኣቱም ሎሚ ወይ ጽባሕ ናብታ ከተማ እቲኣ ክንከይድ ኢና፥ እናነገድና ምእንቲ ክንረብሕ ከኣ ኣብኣ ዓመት ክንቅመጥ ኢና እትብሉ ስምዑ። ንስኻትኪምሲ ነቲ ጽባሕ ዚኸውን እኳ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ሕይወትኩምከ እንታይ እያ? ንቑሩብ ጊዜ ተራእዩ ደሓር ዚበንን ሃፋ ኢኹም። ስለዚ ጎይታ እንተ ፈቒድዎ፥ ብሕይወት ድማ እንተሎና፡ ከምዚ ወይ ከምቲ ክንገብር ኢና'' ኢዩ ክትብሉ ዝግብኣኩም እናበለ ይምዕደና። ያዕ 4፡14።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እውን ''ዕድሜና ሰብዓ ዓመት፥ ካብቲ ምሉእ ዕድመ ሰብ ንብሎ ድማ፡ እተን ናይ መጀምርያ 15 ዓመት ኣብ ቁልዕነትን ናይ ብጽሕና ጊዜን ነሕልፈን። 20 ዓመታት ኣብ ዓራት ብድቃስ ነሕልፈን። ብተወሳኺ ክንበልዕን ኣብ ዝተፈላለየ ምንቅስቓስን 15 ዓመታት ይሓልፍ። ካብተን ዝተረፋ ከኣ 5 ዓመት ቴለቪዥን ብምርኣይ ይሓልፋ። ገለ 5 ዓመታት ድማ ኣብ መወዳእታ ብድኻም ኣካላትን ሽምግልናን ነሕልፈን። እዚ ኹሉ ጎዲሉ ካብተን ውሱናት ዓመታትና ንሥራሕ፡ ንቤት ኣምላኽን ንምብጻሕ ሰድራ ቤታትን ክንህቦ እንኽእል ጊዜ ብጣዕሚ ሓጺር ምዃኑ ንኵልና ንጹር እዩ። እምበኣር ሕይወት ወዲ ሰብ ክሳብ ክንድዚ ኣዝያ ሓጻር ምዃና ከነስተውዕል ብሓቂ ልቦናን ክርስቲያናዊ ሓላፍነትናን ምዃኑ ክንስሕቶ ኣይግባእን። መዝ 90፡10።

ኣብ ሃገርና ሰዓት ኣብ ኢድካ ምእሳር ዘውቱር ባህሊ ሕብረተሰብና እዩ። ኣብ መንደቕ ኣባይትና'ውን ዓቢይ ሰዓት ምስቃል ልሙድ ተርእዮ እዩ። እዚ እንገብረሉ ምኽንያት ከኣ ጊዜ ንምቍጽጻርን ኣብ ረብሓና ንምውዓልን ዝተሓሰበ እዩ ዝመስል። እንተኾነ ግና፡ ምዱብ ጊዜ ንደቅና፥ ንሥራሕና፥ ንማሕበራዊ ሕይወትናን ንቤት ክርስቲያንናን ከከም ዝግብኦም ስለ ዘይንህቦም፡ ሰፊሕ ዕድላት ኣጥፊእና ኣብ ከቢድ ጸገማትን ጭንቀታትን ንኣቱ ሰባት ውሑዳት ኣይኮናን። እምበኣርከስ <u>''ጊዜ ወርቂ እዩ''</u> ዝበሃል ኣብ ምዱብ ሰዓቱን ዕለቱን ክንጥቀመሉ ከሎና ደኣ እምበር፡ ብዋዛን ፈዛዛን ምስ ኣምለጠና ጊዜ ተመሊሱ ከም ዘይመጸና ኣጸቢቕና ክንፈልጥ ይግባእ። እቶም ብሥጋን ነፍስን ረቢሕና ኣብ ኩሉ ዕውታት ክንከውን ዝደልዩና ኣቦታትና ሓዋርያትውን፡ <u>''እምበኣር ተጠንቀቑ፡ እቲ ቅንያቱ ክፉእ እዩ እሞ፡ ነቲ ዝተዋህበኩም ጊዜ ብምልኡ ኣብ ረብሓ እናውዓልኩም ከም ዓያሹ ዘይኮነስ ከም ለባማት ንበሩ''</u> ኢሎም እዮም ምዒደሙና። ኤፌ 5፡15

ብተወሳኺ ከኣ ኣቦና ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ''ጥበበኛታት ምእንቲ ኽንከውሲ እቲ ዕድሜና ሓጺር ምዃኑ ምሃረና'' ይብል። መዝ 90፡12። እሞኸ ደኣ እዚ ዘሎናዮ ጊዜ ክሳብ ክንደይ ከቢድን ኣሰካፍን ምዃኑ መስክሩለይ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ዘመን ከም ለባማትዶ ወይስ ብመገዲ ዕሽነት ኢና ንመላለስ ዘሎና? እስከ ንገዛእ ርእስና ንመርምር። ከም ሓቂ ግና ፍቕሪ ብዙሓት ክዝሕትል፡ ሰድራ ቤታት ክበታተና፡ ሃይማኖት ክደክም፡ ጥልመት ክበዝሕን ሓቂ ክጠፍእን ካብ ምርኣይ ንላዕሊ'ኸ ዘሕዝን ነገር እንታይ ኣሎ?። እወ ወዲ ሰብ ኣብ ምርምር ሥነ-ፍልጠትን ምዕባለ ቴክኖሎጅን ብዙሕ ይስጉም እኳ እንተሎ፡ ምስኡ ተተሓሒዙ ዝሰርጽ ዘሎ ናይ ክሕደት ኃጢኣትን ብስሰዐ ዝተመልአ ኣንነትን ግና ናብ ጸልማት ዓለም ዘምርሕ ደኣምበር፡ ናብ እምነት ብርሃን ክርስቶስ ዝወስድ መገዲ ስለ ዘይኮነ ብሓቂ ንሕብረተሰብ ክርስትና ጎዳኢ እዩ።

እምበኣርከስ ኣብዚ ምዕቡል ጊዜ ኩሉ ሕዝቢ ዓለም ንልዑል እግዚኣብሔር ክፈልጦን፡ ፈሊጡ ድማ ክሰዕቦን ዝግባእ እኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ዝኾነ ሰይጣን፥ ብርሃን ወንጌል ምእንቲ ኸይርእዩ ንልቢ እቶም ዘይኣምኑ ስለዝደፈኖ፡ ኣብ ጸልማት ዝነብር ሰብ ውሑድ ኣይኮነን። ንሕና ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ክርስቲያን ዝኾንና ድማ፡ ከምቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ''ንስኻትኩም ንዓለም ብርሃኑ ኢኹም፥ ኣብ እምባ ዘላ ኸተማ ኽትክወል ኣይከኣላን እዩ።......... ስለዚ ኸኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፥ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኼመስግንዎ፥ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ'' ብዝበሎ መሠረት መንፈሳዊ ቅንኢ ኣሕዲርና፡ ንጊዜና ኣብ ሥራሕ ጽድቅን ፍረ ብርሃንን ደኣምበር፡ ኣብ ከንቱ ክትዕን ዘይሃንጽ ነገራትን ካብ ምብኻን ክንቂጠብ ሠናይ ነገር እዩ። ማቴ 5፡14-16።

ብዝተረፈ ከምቲ ንጉሥ ሰሎሞን "ክፉእ መዓልታት ከይመጸ 'ባህ ኣይበለንን' እትብለሉ ዓመታት ከኣ ኸይቐረበ ኸሎ፥ ብመዓልታት ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ። ....''እተን ዝሕልዋኻ ቀላጽምካ ረድረድ ከይበላ፥ እዘን ብርቱዓት ኣእጋርካ ከይደኸማ፥ ኣስናንካ ስለ ዝወሓዳ ምሕያኽ ከይሰኣና ኸለዋ፥ ኣዕይንትኻውን ፈዚዘን ምርኣይ ከይሰኣና ኸለዋ፥ ኣእዛንካውን ነቲ ካብ ኣደባባይ ዚመጽእ ድምጺ ምስማዕ ከይሰኣና ኸለዋ፡ ...... ትንፋስካ ሓሊፉ ናብ ናይ ዘለዓለም መኅደሪኻ ከይከድካ ከሎኻ፥ ሰባት ኣብ ኣደባባይ ከየልቀሱልካ ኸለዉ፥ ሥጋ ድማ መሬት ስለ ዝኾነ ናብ መሬት ከይተመልሰ፥ መንፈስውን ናብቲ ወሃቢኡ ኣምላኽ ከይተመልሰ ከሎ፥ ብመዓልታት ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ'' ዝበሎ ምኽሪ ተረዲእና ንወርቃዊ ጊዜና፡ ሰብን እግዚኣብሔርን ኣብ ዝሕጎሰሉ ጠቓሚ ዕዮ ብምውዓል፡ ጽኑዕ እምነትን ንኣገልግሎት ቤት ኣምላኽ ዝተወፈየ መንፈሳዊ ሕይወትን ንኽህልወና መድኃኔ ዓለም ኣምላኽና ብዘለዓለማዊ ጸጋኡ ይደግፈና።

ጊዜ ገቢር ለእግዚኣብሔር!!!

## ትፈልጡዶ?

ብዲ.ቴድሮስ ተስፋይ

ዝሓጸረ ምዕራፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ:- መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 117 ምዃኑ።

ዝነውሐ ምዕራፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ:- መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 119 ምዃኑ።

ማእከል ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ:- መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 118 ምዃኑ።

ቅድሚ መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 118 ዘሎ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ 594 ምዕራፋት ኣለዎ።

ድሕሪ መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 118 ዘሎ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ 594 ምዕራፋት ኣለዎ

እዚ ክልቲኡ ተደሚሩ ድማ 1188 ምዕራፋት ይኸውን: ስለዚ መጽሓፍ ቅዱስ 1188 ምዕራፋት ኣለዎ።

ማእከል ጥቕሲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ:- መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 118 ቁጽሪ 8 እዩ። "ካብ ኣብ ሰብ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሔር ምዕቋብ ይሓይሽ" ድማ ይብል።

ክቡር ኣንባቢ: ሎሚ ኣብ ኣምላኽዶ ወይስ ኣብ ክእለትካን ሓይልኻን ኢኻ ትውከል? ኣብ ሰብዶ ወይስ ኣብ ኣምላኽ ኢኻ ትዕቈብ? ክቡር ሰብ: ኣብቲ ንገዛእ ርእሱ እኳ ከድሕን ዘይክእል ሰብ ኣይትጸጋዕ። ጸግዕኻን እምባኻን'ሲ እቲ ንንፋሳት ዝእዝዝ: ንማዕበል ዘህድእ እግዚኣብሔር ድኣ ይኹን።

# ማሕበራዊ ናብራ

## ደቅና ብኸመይ እዮም ክዓብዩ ዘለዎም?

ብዲያቆን ተኽለማርያም ምህርካጽዮን

እዚ ኣርእስቲ'ዚ ግርህ ኢልካ ክርአ ከሎ፡ መልሲ ኣብ ምሃብ ዘየሸግር መሲሉ ክርአ ይኽእል እዩ። ከመይ'ሲ ሰብ ንኽዓቢ ብቐዳምነት ዘድልዮ እንጌራ ምዃኑ፡ ደርጋ ዘይፈልጥ የልቦን ክበሃል ይከኣል። ምስቲ ቅዱስ-ዳዊት ''እክል ያፀንዕ ኃይለ-ሰብእ'' ዝበሎ ኣተሓሒዝካ ክርአ ከሎ ድማ፡ ኣብ ምድልዳልን ምጥንካርን፡ እንጌራ ኣገዳሲ ምዃኑ ይረኣየካ። ዳዊት'ውን ''እንጌራ ኃይሊ ሰብ የጽንዕ'' እዩ ዝበለ (መዝ 104፡15)። ብርግጽ'ውን ሰብ ብዘይ እንጌራ ክነብር ይኽእል'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ንኽነብር እንጌራ የድልዮ። እቲ ምብላዕ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ብምዃኑ ድማ፡ ሰብን እንጌራን ዝፈላለዩ ኣይኮኑን።

እዚ ማለት ግን ንሰብ ብቐዳምነት ዘድልዮ እንጌራ ምዃኑ ንምምልካት ደኣምበር፡ እቲ ንሰብ ዘድልዮ ሓልዮትን ክንክንን ብእንጌራ ጥራይ ይውዳእ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ከመይሲ እቲ ኣካላዊ ናይ ዕቤት መሥርሕ፡ ብዙሕን ነዊሕን ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡



ካልኣይ ዓመታዊ ጉባኤ መንእሰያት ቤተ ክርስቲያን ተዋሕዶ ምብራቃዊ ዞባ ሰሜን ኣሜርካ፣

ብእንጌራ ጥራይ ክውሰን ዝከኣል ኣይኮነን። ብሓጺሩ ሰብ ምሉእ ሰብ ኮይኑ ንኽዓቢ እቲ ዘድልዮ ብዙሕ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

ስለዚ'ውን ሰብ ብኽልተ ባሕርያት ዝቖመ ከም ምዃኑ መጠን፡ ብእንጌራ ጥራይ እዩ ክነብር ዝኽእል ክንብል ኣይንኽእልን። ከመይሲ እቲ ሰብኣዊ ተፈጥሮ ብነፍስን ሥጋን ስለዝቖመ፡ እንጌራ መግቢ ሥጋ እምበር መግቢ ነፍሲ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ነዚ ንኽረድእ ከኣ'ዩ ጎይታና ኣብ ወንጌሉ ''ሰብ ካብ እግዚኣብሔር ብዝወጽእ ቃል ደኣምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ'' ዝበለ። (ማቴ 4፡4)

እምበኣርከስ ንደቅና እንጌራ የድልዮም'ዩ እኳ እንተተባህለ፡ እቲ ዘድልዮም ግን እንጌራ ጥራይ ከምዘይኮነ ክንፈልጥ ይግባእ። ከመይሲ ናይ ነፍሲ መግቢ ቃለ-እግዚኣብሔር እዩ። ስለዚ ደቅና ኣብ ቤተ ክርስቲያን ክዓብዩ ካብ ምግባር ዝሓይሽ፡ ካልእ ኣማራጺ ኣሎ ክንብል ኣይንኽእልን። እቲ ንደቅና ክንመርጸሎም ዝግብኣና ምርጫ ከኣ እዚ'ዩ።

ብዝተረፈ ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዑት ክልተ ኣካላት'ዮም ሓላፍነት ክወስዱ ዝግብኦም። ንሳቶም ከኣ ወለድን ቤተ ክርስቲያንን እዮም። ከመይሲ ወለዲ ብሥጋ ክወልዱ ከለዉ፡ ቤተ ክርስቲያን ከኣ ብጸጋ ጥምቀት ወሊዳቶም እያ። ስለዚ ወለዲ ዝብላዕ እንጌራ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ክህልዎም ከሎ፡ ቤተ ክርስቲያን ከኣ ቃለ-እግዚኣብሔር መጊባ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ኣለዋ። ርግጽ'ዩ እቲ ወላዲ ዝበሃል ኵሉ፡ ኣተዓባብያን ኣተኣላልያን ይኽእል'ዩ ኢልካ ክትድምድሞ ዝከኣል ኣይኮነን። ከመይሲ ሰኣን ኣላይን መራሕን ኣብ ዘይመገዶም ከይዶም ዝጠፍኡ ብዙሓት እዮም።

እዚ ኵሉ ክኸውን ዝኽኣለ ከኣ፡ ንሓላፍነት ብቑዕ ዝኾነ ክኣልን ክመርሕን ዝኽእል ኣካል ስለዝተሳእነ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ዝቐርብ ምኽንያት ኣሎ ስቲ'ዚ ብዝተላዕለ ቁጽሪ ክትውቀሰሉን ክትክሰሰሉን ኣይበሃልን። ኣብዚ ዝሓለፈ 20-ዓመት ብዙሕ ክሥርሓሉ ዝግብኦ ዕድላት ነይሩ እዩ። እቲ ዘሎ መሪሕነት ግን ብዛዕባ ሥራሕ ዝፈልጠ ነገር ስለዘይብሉ፡ ነቶም ክሠርሑ ድሌት ዝነበሮም ደቂ ቤተ ክርስቲያን'ውን ክሠርሑ ኣይገደፎምን። ከም ውጽኢት'ዚ ድማ ዝኾነ ሰብ ክግምቶ ካብ ዝኽእል ቁጽሪ ንላዕሊ፡ ብዙሓት መንእሰያት ከሲርና ኢና። እዚ ኹሉ'ዚ ግን ነቶም ኣብ ዘይግብኦም መንበር ተቐሚጠም ዘለዉ ዝስቆሮም ኣይኮነን።

መቸም ክጥቀስ ዝግብኦ ታሪኽ ስለዝኾነ ደኣ ኢና ዘልዓልናዮ እምበር፡ ብዛዕባ'ቲ ብዕድል ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ዝጻወት ዘሎ፡ ኣብ ኣሥመራ ዝርከብ ምምሕዳር ክንዛረብ ድሌትና'ውን ኣይኮነን። ስለዚ'ውን መልእኽቲ ጽሑፍና ናብ ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ኣቢሉ ዝጠመተ ደኣ ኢና ክኸውን ንደልዮ እምበር፡ ዘየሎ ክንጽውዕ ንኣሥመራ ኣቢልና ነማዕድወሉ ምኽንያት የብልናን። ''ኣብ ዘይሰምዕ ደብሪ ኣይትማህለል'' ዝበሃል እኮ ስለዚ እዩ። ስለዚ'ውን ንክርስቲያናዊ ኣተዓባብያ ደቅና ብዝምልከት፡ እቲ ፍታሕ ክኸውን ዝኽእል መልሲ፡ ካብቲ ኣብ ሓዋርያዊ ሰንሰለት ጸኒዑ ዝጎዓዝ ዘሎ፡ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ደኣምበር ካብቲ ብውግዘት ተፈልዩ ዘሎ ኣብ ኣሥመራ ዝርከብ ደምበ ኣይኮነን።

ስለዚ'ውን ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ፡ ካብ ሕቶ መንእሰያት ዝዓቢ ካልእ ክንዛረበሉ ዝግበኣና ኣርእስቲ ከምዘየሎ ተረዲኡ፡ ደቅና ካብ ህጻንነቶም ጀሚሮም ኣብ ሕቑፊ ቤተ ክርስቲያን ማሚቖም ክዓብዩ ዝኽእልሉ መደብ ክሕንጽጽ ትጽቢት ኵሎም ኦርቶዶክሳውያን እዩ። እዚ ክግበር ከይተኻእለ ከኣ ኣብ ቅኑዕ መሥመር ኢና ዘሎና ክንብል ክጽግመና እዩ።

ብዝተረፈ ንመንእሰያት ብዝምልከት ብዙሕ ኢና ከሲርና ክበሃል ይከኣል። ሕጂ'ውን እንተኾነ እቲ ብመናፍቓን ዝፍጸመና ዘሎ ወራር ክንዓግቶ ክኢልና ኢና ዝበሃል ኣይኮነን። ስለዚ'ውን እቲ ኵነታት ከምዚ ዘለዎ ክቕጽል ክንፈቅድ የብልናን። በዚ ምኽንያት'ዚ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ፡ ምእኩል ብዝኾነ ኣገባብ ክሥርሕ ዝኽእል መምርሕን መጻሕፍትን (ብዕድመን ደረጃን ተኸፋፊሉ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ዘሎዎ መጻሕፍቲ) ከዳሉ ብምጅማሩ ተስፋ ዝህብ ተበግሶ እዩ። ብፍላይ ካህናትን ድያቆናትን ዝመርሕዎ ንመንእሰያት ዝምልከት 'መንፈሳዊ ፒክኒክ" ተጀሚሩ ኣብ ስደት ዝተወልዱን ዝፈርዩ ዘሎዉ ድያቆናትን መማህራንን ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበትን ብዓብዪ ተገዳስነት ኪሳተፍዎ ጀሚሮም ዘሎዉ፡ ኣብ ምዕራብን ምብራቕን ሕቡራት ሃገራት ዝካየድ ዘሎ መደባት፡ ቐጻልነትን ዑምቀትን ረኺቡ ኪሰርሓሉ፡ ንጽባሕ ዘይበሃሎ ዕማም እዩ። ምኽንያቱ ከምቲ ፖፕ ሽኖዳ፡ ፓትርያርክ ግብጺ፡ ዝበልዎ "መንእሰያት ዘይብላ ቤተክርስቲያን፡ ተስፋ ዘይብላ ቤተክርስቲያን እያ"።

## ማዕተብና ናይ ልቢ'ዶ ወይስ ናይ ክሳድ?

ክፍሊ ትምህርትን ስብከትን

ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንና ዝጸንሐ ሕግን ሥርዓት ብዝእዝዞ መሠረት ሕፃናት ወዲ ኣብ 40 መዓልቲ፡ ጓል ድማ ኣብ 80 መዓልቲ ጸጋ ጥምቀት ክቕበሉ ግቡእ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ሕፃናት ኣብ ዕለተ ጥምቀቶም ብቕብኣት ሜሮንን ብቅዱስ ቁርባንን ተባሪኾም፡ ብጥምቀት ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ኣብራኽ መንፈስ ቅዱስ ዳግም ተወሊዶም፡ ደቂ እግዚኣብሔር ዝኾንሉ መገዲ ድሕነት ምዃኑ ኩሉ ኣማኒ ክፈልጦ ዝግባእ ዓቢይ ክርስቲያናዊ ምሥጢር እዩ። እቶም ሕጻናት ምስ ተጠመቑ ብጻዕዳ ወይ ሰማያዊ ፈትሊ ምልክት ማዕተብ ኣብ ክሳዶም ይእሰረሎም። ኣብ ግብጻዊት ቤተ ክርስቲያን ድማ ቀይሕ ጨርቂ (ሪቦን መሳሊ) ኣብ ፍርቂ ማዓንጣኦም የዕጥቕዎም። እዚ ድማ ንቅኑዕ ሃይማኖትካ ክሳብ ሰማዕትነት ዕጡቕ ክትክወን ከምዘሎካ ዝሕብር ምልክት እዩ። እምበኣር እስከ ንሎሚ ብዛዕባ እዚ ዓቢይ ትርጉምን መልእኽትን ዘለዎ ማዕተብ-እምነት ዝምልከት ነዚ ቀጺሉ ዘሎ ጽሑፍ ንከታተል።

ማዕተብ ክንብል ከሎና ጸጋ ጥምቀት ብድሕሪ ምቕባልና ኣብ ክሳድና ንዝእሰረልና ጻዕዳ ፈትሊ (ምልክት ሕድገት ኃጢኣት) ወይ ድማ ሰማያዊ ፈትሊ (ምልክት ዳግም ልደት)፡ ዝወሃብ ስም እዩ። እዚ ድማ ደጋዊ-ምልክት ናይ ክርስቲያዊ እምነትናን መግለጺ መንነትናን መጸውዒ እኳ እንተ ኾነ: መንፈሳዊ ትርጉሙ ግና ነቲ ኣብ ውሽጢ ልብናን ሕልናን ዝተቐመጠ ሓቀኛ እምነት እግዚኣብሔር ዘንጸባርቕ፡ ማዕተብ ንጽህናን ቅድስናን፡ ማዕተብ ሕድርን ፍቕርን፡ ማዕተብ ሃይማኖትን ተግባርን ዝገልጽ ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ እዩ። በዚ መሠረት ኣብ ምእመናን ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንና ማዕተብ ክቡር መልእኽትን ረዚን ዕላማን ሒዙ ንረኽቦ። ብሓቂ ድማ ማዕተብ-እምነት ክኽብርን ክዕቀብን ዝግብኦ መዘኻኸሪ ናይ ማሕተም መንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ ካብ ፈትሊ፡ ነሓስ፡ ብሩርን ወርቅን ዝተሰርሐ ሰንሰለት መስቀል ኣብ ክሳድና ምጻር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣሰር ኢየሱስ ክርስቶስን ሓዋርያትን ተኸቲልና ብጊዜ ራህዋ ይኹን ብጊዜ ጸበባ ኣብ ሃይማኖትና እሙናት ጽኑዓትን ኮንና ክነብር ግዴታና እዩ።

ሓዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ ''ኣነስ ስምብራት ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰብነተይ እፀውር ኣሎኹ እሞ ድሕሪ ሕጂ ሓደ እኳ ላሕ ኣየብለኒ'' እናበለ ኣብ እምነቱ ዘለዎ ጽንዓት ይገልጽ። እወ ኣብ ሰብነት ሓዋርያ ጳውሎስ ዝነበረ ዕላመትን ማዕተብ እምነትን፡ ወርቂ ብሩርን ነሓስን ዘይኮነስ፡ ስምብራት ማህረምቲ ኣብ ዝባኑ፡ ሰንሰለት ማእሰርቲ ኣብ ኣእዳዉ፥ ኣብ ልዕሊ'ዚ ድማ ዝወግኦ ግራጭን በሰላ ኵርማጅን ከም ምልክት ሃይማኖቱ እናጾረ ንኽብሪ ኣምላኹ ክሳብ ሞት ዝተወፈየ ጅግና ናይ እምነት ሰብ እዩ ዝነበረ። ኣቐዲሙ ኢየሱስ ክርስቶስውን ''እቲ መስቀሉ ፀይሩ ደድሕረይ ዘይስዕብ ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ'' ክብል ንእምነትና ክሳብ ቀራንዮ እንተ ኾነውን መስቀል ተሰኪምና ብተስፋ ክንጎዓዝ ከም ዝግብኣና ኣነጺሩልና ኣሎ። ስለዚ እምበኣር ንኽብሪ ክርስቶስ ኢልና መስቀል ምስዓምውን ኣኻሊ ኣይኮነን። ናብቲ ምእንታና ዝተሰቕለ ጎይታና እናጠመትና ንቃል መስቀል ዝበቕዕ ሕይወት ክህልወና ኣምላኽ ካባና ዝደልዮ ነገር ምዃኑ ከነዘኻኽር ንደሊ። ገላ 6፡17።

ኣብ ታሪኽን ባህልን ሕብረተሰብና ሕድሪ ምትግባርን ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ዝጸንሐ ልሙድ ተርእዮ ምዃኑ መስክሩልና ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ነዚ ዘረጋግጽ ድማ ኣብ ምስላ ዓደቦና ''ካብ ዝተዛረብናዮ ዝጥለም ዝወለድናዮ ይጠለም'' ብምባል ንቃሎም ምእንቲ ከይጠልሙ ክሳብ ውሉዶም ክገድፉ ከም ዝቐርቦም፡ ኣብ ውዕሎምውን ክሳብ ሞት ጽኑዓት ከም ዝነበሩ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። እወ እዚ ብጽኑዕ ሃይማኖቱን ክቡር ባህሉን ዝፍለጥ ህዝብና ንቃል ኣምላኽስ ይትረፍ ነቲ ኣስተውዒሉ ባዕሉ ዝተዛረቦ ቃሉን ውዕልን እንተኾነውን ኣብ ምትግባሩ ኣዝዮም ጥንቁቓት ከም ዝነበሩ ንኹልና ብሩህ እዩ። እሞኸ ደኣ ሎሚ ኣብ ማዕተብ-እምነትና ክንጸንዕ፡ ሕድርና ክንትግብር፡ መብጽዓና ክንፍጽምን ዘይንኽእለሉ ምኽንያት እንታይ ስለ ዝተረኽበ እዩ?። እዚ ዘሎናዮ እዋን ከምቲ ኣቦና ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ''ዘተናገሩ በነግህ ኢይደግሙ በሰርክ'' እዚ ማለት ''ንግሆ ዝተዛረብዎ ምሸት ኣይደግምዎን እዮም'' ክብል ዝተነበዮ ዝፍጸም ዘሎ ኮይኑ ይስምዓካ። ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት ቃል ኪዳኖም ክጠልሙ፡ መብጽዓኦም ክርሳዑ፡ እምነቶም ክጎድል ብተደጋጋሚ ንርእዮ ዘሎና ፍጻመ ምዃኑ ኵልና ንስሕቶ ኣይመስለናን። እወ ኣብ ዘመንናውን ማዕተብ ኣብ ክሳድካ ተሰኪምካ ምኻድ ገና ዝቕጽል ዘሎ ልሙድ ባህልን ስርዓትን ክርስቲያናት እኳ

እንተ ኾነ፡ ከምቲ ሃይማኖታዊ መምርሒና ዝእዝዞ ንዕዮ ወንጌል ውፉያትን ጽኑዓትን ኮይኖም ዝነብሩ ዘለዉስ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም።

ቅዱስ ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቱ፡ ''እስመ ክርስቶስኒ ብእንቲኣክሙ ሓመ ይኅድግ ለክሙ ማዕተቦ ከመ ትትልዉ ኣሰረ ዚኣሁ'' እዚ ማለት ''ክርስቶስ ድማ ኣሰር ኣሰሩ ምእንቲ ክትሰዕቡ ኢሉ ምእንታኹም መከራ ተቐበለ ኣርኣያውን ኃደገልኩም'' ይብል። እወ ጎይታስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ንዓና ዝኸውን ኣርኣያ ብቃልን ብግብርን ሓዲጉልና እዩ። እሞኸ ደኣ ንሕና ህዝበ ክርስቲያንከ ከም ፍቓድ ኣምላኽን ትእዛዝ ቤተ ክርስቲያንዶ ንመላለስ ኣሎና? እዚ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝምልከት ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኣፍ ልብና ማዕተብ ካብ ፈትሊ፡ ብሩርን ወርቅን ዝተሰርሐ ኣብ ክሳድና ንኣስር ኢና። ይኹን እምበር እቲ ቅኑዕ ዕላምኡ እንዳ ረሳዕና፡ ትርጉሙ እንዳጥፋእና ከም መመልክዒ ጌጽን ስልማትን ኮይኑ ዝሰምዓና ውሑዳት ኣይኮናን። ስለዚ ኢና ድማ ንጽሑፍና ''ማዕተብና ናይ ልቢ'ዶ ወይስ ናይ ክሳድ? ዝብል ኣርእስቲ ዝሃብናዮ። መንፈሳዊ መልእኽትን ሕድርን ናይታ ኣብ ክሳድና እንኣስራ ማዕተብሲ፡ ኣመንቲ ካብ ዘይኣመንቲ መፍለዪ፡ ከምኡውን ካብ ንጹህ ልቢ፡ ካብ ጽሩይ ሕሊና፡ ካብ ሓቀኛ ፍቕሪ ኣምላኽ፡ እትርከብ ንክርስቲያናዊ እምነትና እትገልጽ ኣርማ ድሕነት እያ። 1ጴጥ 2፡21።

ሓደ ትጉህ ኣበ-ነብሲ ካህን ናብ ዝጓሰዩወን ስድራ ቤታት ምብጻሕ ክገብሩ መደብ ኣውጺኡ እሞ፡ ብሓንቲ ስድራ ቤት ንኽጅምሩ ኢሎም ማዕጸ

> **ማዕተብ ክንብል ከሎና ጸጋ ጥምቀት ብድሕሪ ምቕባልና ኣብ ክሳድና ንዝእሰረልና ጻዕዳ ፈትሊ (ምልክት ሕድገት ኃጢኣት) ወይ ድማ ሰማያዊ ፈትሊ (ምልክት ዳግም ልደት) ፡ ዝወሃብ ስም እዩ። እዚ ድማ ደጋዊ-ምልክት ናይ ክርስቲያናዊ እምነትናን መግለጺ መንነትናን መጸውዒ እኳ እንተ ኾነ: መንፈሳዊ ትርጉሙ ግና ነቲ ኣብ ውሽጢ ልብናን ሕልናን ዝተቓመጠ ሓቀኛ እምነት እግዚኣብሔር ዘንጸባርቕ፡ ማዕተብ ንጽህናን ቅድስናን፡ ማዕተብ ሕድርን ፍቕርን፡ ማዕተብ ሃይማኖትን ተግባርን ዝገልጽ ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ እዩ።**

ኳሕኳሕ ኣበሉ። ኣባል እታ ስድራ ቤት ዝኾነ መንእሰይ ወዲ ድማ ማዕጾ ከፈተሎም። ብድሕሪ እዚ መስቀል ተሳሊሙ ቃል ሰላምታ ምስ ተለዋወጡ፡ እቶም ካህን፡ በልስከ ዝወደይ እታ ናይ ቀደም ማዕተብካ ደኣ ኣበይ ከደት? ክብሉ ሓተትዎ። ንሱ ከኣ እታ ኣብ ክሳደይ ዝነበረት ፈትሊ ሕጂ ምሳይ የላን። ግናኸ እምነትኮ ኣብ ልብኻ እዩ እምበር ኣብ ማዕተብ ክሳድካ ኣይኮነን ዘሎ፡ ክብል ህዉኽ መልሲ- መንእሰይ መለሰሎም። ንሶም ድማ ''ኣየ ዝወደይ ነታ ማዕተብካ፡ ልብኻ እንተ ዘይትንዕቃስ ክሳድካ ኣይጸረክን'የ ኣይምበለታን ኔራ! በልዎ ይበሃል። እዚ ዘሎናዮ ወለዶ ድማ ጾም እንተ ኣወጅካ፡ ኣምላኽ ግብርኻ እምበር ጾምካ ኣይኮነን ዝርኢ ይብሉ። ብዛዕባ ማዕተብ እንተ ተዛረብካ፡ ማዕተብ ኣብ ልብኻ እምበር ኣብ ክሳድካ ኣይኮነን ይብሉ። ብዛዕባ ኣገባብ ኣከዳድና እንተ መዓድካዮም ከኣ፡ ኣምላኽ ክዳንካ ዘይኮነስ ሥራሕካ እዩ ዘገድሶ ዝብል ከንቱ

ማዕተብና ናብ 8ይ ገጽ ይቕጽል

## Book Review

by Deacon Habtu Ghebre-Ab




Clark Carlton, *The Way. What Every Protestant Should Know About the Orthodox Church,* Regina Orthodox Press (Salisbury, MA, 1997).

As a young man, Clark Carlton was an unyielding and fire-breathing Southern Baptist. At the same time, one senses from his biography that he was brilliant, inquisitive and wanted answers to some of the most vexing question he came across with respect to the faith in which he was brought up. After completing his undergraduate studies in philosophy from Carson-Newman College in Jefferson City, Tennessee, he continued his graduate studies at that Southeastern Baptist Theological Seminary in Wake Forest, North Carolina. It was there that carlton converted to the Orthodox Faith.

Since his conversion to the Orthodox faith and subsequent studies at St. Vladmir Theological Seminary and the Catholic University of America in Washington D.C, Clark Carlton has become an eminent Orthodox theologian. *The Way: What Every Protestant Should Know About the Orthodox Church* is one of the installments in *The Faith* catechism series (*The Faith, The Way, The Truth and the Life).*

Part one of *The Way* is a gripping story of the author's own spiritual pilgrimage from Evangelical Protestantism to Orthodoxy. It is in this book that Clark Carlton has chosen to walk his readers through his journey to the faith of the Apostles "because many who have read it have found points of convergence with their own lives."

In part two, the author painstakingly and meticulously takes on the doctrine of *sola Scriptura,* "the very bedrock of Protestant theology", which claims that the Holy Bible is the sole source of authority for Christian life and doctrine — the conclusion being that not only the doctrine is unscriptural, but that it has no basis in the scriptures, church history and the patristic writings. He thoroughly discusses the following four erroneous presuppositions for the doctrine of *sola Scriptura.*

The First presupposition is that the Bible represents a self-authenticating canon. This assumes a closed and universally recognized canon of Scripture. "To say that the Scripture is the only sufficient source of doctrine assumes that one knows exactly what does and does not constitute Scripture." Furthermore, this assumption leaves no room for the fact that the process of defining the canon of the New Testament is a something that took centuries. In point of fact, the Church in its first few centuries had no single, defined New Testament canon.

The second erroneous presupposition of the doctrine of *sola Scriptura* is that the Scriptures are self-interpreting. The author asks, "If the Bible interprets itself, why have Protestants written hundreds, if not thousands, of books to explain it?" What is evident here is that the importance of *tradition.* Lutherans write their commentaries from within the tradition of Luther, Melanchthon and the Augsburg Confession. Presbyterians approach for writing their commentaries is from within the tradition of Calvin, Beza, Knox and the Westminster Catechism. "In short, every commentary on the Bible is written from within some tradition." The real question," says Carlton, "is not *whether* Scripture implies tradition, but which tradition correctly interprets the Scriptures." The position of the Orthodox Church with respect to this presupposition is unambiguously stated in the author's conclusion: "the tradition of the Apostles is the authoritative interpretive matrix *within which* the Scriptures are rightly understood."

The third presupposition for the doctrine of *sola Scriptura* is that the Scriptures "were intended to be an all-sufficient guide for Christians." Taking diversity of beliefs and practices with respect to the topics of worship, baptism and the Eucharist as practiced in various Protestant denominations, the author shows how untenable such a presupposition can be. The author further points to the dangers in the notion that one can deduce doctrines and practices by simply quoting misleading verses of Scriptures without reference to tradition. In contrast, the tradition of the church, meaning "the uninterrupted *life* of the Church from Pentecost until today shows how the church has *always* understood" doctrines and practices consistently with that of the Apostles and the enunciations of the Fathers.

Finally, the author points to a presupposition of *sola Scriptura* which sees Christianity essentially as an idea or even ideology. For the Orthodox, however, he argues that Christianity is not reduced to a set of doctrines that any-

See **Book Review** Page 8

**ኣድራሻና**

**Finote-Berhan**
**P. O. Box 80814**
**St. Clair Shores, MI 48080**
**USA**

**E-mail: fbnewspaper@tewahdo.org**
**Phone: (678) 894-4665**
**Fax: (770) 828-0646**


**ብጽሑፍና**

**www.tewahdo.org**

***ማዕተብና*** *ካብ 7ይ ገጽ ይቕጽል*

ሞጎተ የልዕሉ። እቲ ሓቂ ግና ማዕተብ ካብ ልብና፡ ሠናይ ግብሪ ካብ ሕልናና፡ ጾምን ጸሎትን ካብ ሕይወትና በብቑሩብ ይርሕቕ ከምዘሎ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ዝርድኦ ኣሻቓሊ ጉዳይ እዩ። ማዕተብና ክንድርቢ፡ ኣጽዋማት ክንሕሰም፡ ኣከዳድናና ከነኽፍእ ዝድርኸና ዘሎ ዓለማዊ ሓሳባትን ሽለልትነት ከኣ ብጣዕሚ ጎዳኢ ምዃኑ ከስተውዕሎ ይግባእ።

ገዳማውያን ኣቦታትና መነኮሳት እቲ ኣብ ክሳደም ዝጸርዎ ማዕተብ ምስ መቑጸርያኡ ስለዝኾነ ካብ ክሳዶም እናውጽኡ ኣብ መዓልቲ 7 ጊዜ ጸሎት ብመቑጸርያ ከብጽሑን እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ! ኪርያላሶን፡ ኣቡነ ዘበሰማያት እናበሉ ኩሉሳዕ ብምህለላ ናብ እግዚኣብሔር ክልምኑን ከመስግኑን እዮም ዝነብሩ። ከምኡውን ኣቦታት ጳጳሳትን ውሉደ ክህነትን ኣብ ክሳውዶም ዝተፈላለየ ሰንሰለትን ማዕተብ-እምነትን ኣሲሮም፡ ኣብ ኣብ ኢዶም ከኣ መስቀል ክርስቶስ ተሰኪሞም ንህዝቢ ክባርኹ ንርእዮም ኢና። እንተኾነ ገሊኦምሲ ንሕድሪ ኣምላኾምን መጓሰ ህዝቦምን ዕሽሽ ብምባል ምስ ማዕርጎምን ማዕተቦምን ዘይሳነ ተግባር ክፍጽሙ ክትርኢ ከሎና
ብጣዕሚ ዘሕዝን ዘተሓሳስብን ጉዳይ እዩ። ንመስቀል ክትስከሞ ጥራይ ዘይኮነስ ክሳብ ሞት ክትስቀለሉ ድልው ምዃን ድማ ክርስቲያናዊ ትእዛዝ እዩ። እቲ ቅዱስ ጽሑፍውን፡ "ወእግዚኣብሔር ውእቱ ዘያጸንዓነ ምስሌክሙ ለኣሚን በክርስቶስ ዘቦቱ ቀብኣነ ወኣተበነ፡ ወወሃበነ ኣረቦነ መንፈስ ቅዱስ ውስተ ልብነ" ትርጉሙ "እቲ ንኣናን ንኣኻትኩምን ኣብ ክርስቶስ ዘጽንዓና ኣምላኽ እዩ። ዝቐብኣና 'ውን ንሱ እዩ። ናቱ ከምዝኾንና ማኅተም መፈለጥታ ዝገበረልና ኣብ ልብና ዕርቡን መንፈስ ቅዱስ ዝሃበናውን ንሱ እዩ" ይብል። 2ቆሮ 1፡21-22።

እምበኣር ልብና ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ኮይኑ መንፈሳዊ ፍረ ምእንቲ ክንፈሪ ነቲ ኣብ ሕይወትና ማኅተም መፈለጥታ ዝገብረልና ሕያው ኣምላኽ ብትሕትና ነገልግል። ከምቲ "ነታ ዝተጸዋዕካላ ኣብ ቅድሚ ብዙኃት ምስክርውን ጽቡቕ ምእማን ዝተኣመንካላ ሕይወት ዘለዓልም ሓዛ" ዝብል ማዕዳ ዘሎ፡ ንሕናውን ኣብዛ ስደትን ፈተናን ዝበዝሓ ዓለም ሓዋርያዊ ጻውዒትና ኣኽቢርና፡ ንማዕተብና እሙናት ኮንና ክንነብር ሰማያዊ ዓስቢ ዘለዎ ሠናይ ስራሕ እዩ። ስለዚ ምእመናን ሃይማኖቶም፡ ውሉደ ካህነት ኣገልግሎቶም፡ ፈላሲ ደብሩ፡ ጳጳስ መንበሩ ብቕንዕናን ፍርሓት እግዚኣብሔርን ነቒሑ ከማሓድር ሓላፍነት ናይ ንፍሲ ወከፍ ዝምልከቶ ኣካል እዩ። እዚ እንተ ገበርና ኢና ድማ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ብሕድሪ ዝኣሰረትልና ደጋዊ ማዕተብ ኣብ ማዕሙቕ ልብና ዝተሰረተ ሓቀኛ ማዕተብ ዓቅልን ፍቕርን ምዃኑ ከነንጸባርቖ እንኽእል። ሃይማኖትና ኣጽኒዕና ሕድርና ክንፍጽም ኣምላኽ ጸጋኡ የብዝሓልና። 1ጢሞ 6፡12

**Book Review** from page 7

Carlton responds by asserting that the Orthodox Church has never accepted the Roman doctrines of universal papal jurisdiction, papal infallibility, purgatory, and the Immaculate Conception "precisely because they are *untraditional*." Furthermore, the Orthodox Church has never been identified with the belief that there are two sources of authority. So, what does the Orthodox Church accept as her source of authority? Carlton answers, "The Church recognizes one and only one source of authority for Her faith and practice: THE APOSTOLIC TRADITION [writer's emphasis]. The Divine Scripture are part – albeit the most important part – of that tradition. To set Scripture up as something over and apart from [the Apostolic] tradition is to have the tail wagging the dog." The author supports this faith of the Orthodox Church with proof-texts from the Scripture, the writings of the Church Fathers and history. The discussion that deals with the structure of worship in the early Church clearly adds to the fuller understanding of the larger idea of the Apostolic tradition.

*Way*: "Had Clark Carlton book…been available to me when I began to look for the authentic Church it would have save me years of anguished searching." "Had Clark Carlton book…been available to me when I began to

look for the authentic Church it would have save me years of anguished searching."

Archbishop Dmitri of Dallas (Orthodox Church of America) is also a former Baptist who converted to the Orthodox faith several decades ago. In his Foreword to the book, he says that Carlton's "description of the continuing early Church, Her life, structure, worship and mission should be helpful to those who have imagined some kind of sudden break with the Church of the New Testament" in the sixteenth century.

As does Archbishop Dmitri, I too recommend *The Way* to all "who are trying to find their way to the Faith of the Apostles, Martyrs, Fathers and Saints, and to those Orthodox who have not fully understood why their Church makes the claims it does."

# Editorial

## The Resurrection of Finote-Berhan in North America

As most that follow events in Eritrea are aware, Finote-Berhan was the official organ of the Eritrean Orthodox Church of Eritrea for over 50 years. In a country where nothing seems to remain constant, Finote-Berhan remained a solid institution for such a long period. But in 2001 it was shut down in the midst of preparations to celebrate its jubilee anniversary. The publication's only crime, if it must be called that, was to stand true to the faith of our fathers and disseminate the teachings of our beloved Orthodox Church.
The history and immense contributions of this publication during five decades of its existence can never be underestimated. Finote-Berhan was known for taking on some of the most important issues of the day boldly and unhesitatingly. Its spiritual content had always been sought after by Orthodox believers in the country.

When the Eritrean Orthodox Church became autocephalous, it was this publication that brought to light all the major issues of the Church. Because Finote-Berhan never flinched from facing all the challenges it faced, there were many who did not take very kindly to it. Nevertheless, even as the fortunes of this publication periodically waxed and waned and amidst so much opposition, it kept the light of hope flickering.

It is not hard then to imagine how he past nine years of Finote-Berhan's disappearance has been one of the saddest chapters in the life of the church. This period can be likened to true darkness, as the church remained bereft of its official mouthpiece. With this one important mode of communication with its people disrupted, the church was literally condemned to silence.

It was during this sad period that those who wish to do harm to the church and disrupt her Apostolic mandate to preach the word of truth took over the church.

With Finote-Berhan, the one lifeline of the church to the people severed, Yoftahe Dimetros, a lay person took over the Church and became her head, bringing the bishops and the synod under his complete control. He brazenly attempted to legitimize his power-grab by attempting to change the constitution of the church. He managed the arrest of some of the leading and highly learned fathers of the churches, who after five years still remain in prison without having any charges being brought against them. He forced out scores of priests out of their parishes for refusing to give him any recognition. One of the most destructive acts of this man was what he did to the patriarch of the Church. He forced the synod to depose and imprison the only legitimate Patriarch of the Eritrean Orthodox Church - H. H. Abune Antonios. He then orchestrated the illegal appointment of a bishop to the seat of the Patriarchate. Although, the illegal patriarch is not recognized either by the faithful of the Church or by anyone outside the country, Yoftahe still remains the puppet master. And the Church today is in captivity. When he did all of these and more, Finote-Berhan was not there to sound the clarion call.

Nine years later, a new day is dawning in our beloved Church. Finote-Berhan has risen again like a sphinx. In August 2009 at the Eleventh Annual Conference of the North America Diocese of the Eritrean Orthodox Church, the decision was made to bring Finote-Berhan back to life, dust her off and have her put on her worn-out but shining armor again – ready to do battle for the truth.

We welcome this development as an important milestone in the long history of our Orthodox faith. We congratulate all the people who have taken up this important challenge to place Finote-Berhan in her rightful place as the official organ of the Eritrean Orthodox Church. On this important occasion, the editorial staff of Finote-Berhan calls upon all followers of the Eritrean Orthodox Church to show your support for her success through your prayers.